
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.16 | ዓርቢ 20 መስከረም 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2



ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ (ፑልመነሪ ኢደማ)

ገጽ 3

እቲ ቑዳማይ መባእ



ገጽ 4

ጽልዋ ኣተሓሳስባ



ገጽ 5

በደል ምዕራባውያን ኣይኣክልን'ዶ፧



ገጽ 7

ስፖርታዊ ውድድር ሚኒስትሪ ምክልኻል ቀጺሉ




# ከረን - ስርዓት ቀረብ ማይ ተመሪቑ



ኣብ ንኡስ ዞባ ከረን፡ 1.2 ሚልዮን ናቕፋ ዝወድአ ስርዓት ቀረብ ማይ ባምባ፡ ብ14 መስከረም ተመሪቑ።

ኣብ'ቲ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ መሳ ዝርከቦም ሓለፍቲ ምምሕዳር ዞባን ጨንፈር ማይን ዝተረኽብሉ ስነስርዓት፡ እቲ ፕሮጀክት 300 ፈስቶ እትሕዝ ባኒን ክልተ መዐደሊ ነቑጣታትን ከምዝጠቓልል ዝሓበረ ሓላፊ ጨንፈር ማይ ኣቶ ዘርኣ ወልደትንሳኤ፡ ምሕደርኡ ንህዝቢ ተረኪቡ ስለዝሎ፡ ንነዊሕ ግዜ ከገልግል ምእንቲ፡ ብጥንቃቐን ዕቱብነትን ክተሓዝ ተላቢዩ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ 01 መምህር መሓመድ-ኑር ዓሊ ብወገኑ፡ እቲ ፕሮጀክት ንኽትግበር መንግስቲ ንዘበርከቶ ደገፍ ድሕሪ ምምጋሱ፡ ኣብ ምውዳዱ ዝለበረ ዘይጉብ ተሳትፎ ህዝቢ፡ ኣብ ምዕቃብ'ውን ብዘሓየለ ክቕጽል ኣዘኻኺሩ።

ኣምባሳደር ዓብደላ መሳ ድማ፡ እቲ ቀረብ ማይ - መቐጸልታ ናይ'ቲ ህዝቢ ኣብ ቀረባኡ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንኽረክብ መንግስቲ ዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ኣብ መጻኢ'ውን ተሪፉ ዘሎ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምምላእ ከምዝስራሕ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ዝ ናይ ባምባ ሓዊሱ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ሃብሮ ጸዕዳን ሃብሮ ጸለምን - ንኡስ ዞባ ሃብሮ፡ ገበይ ኣለቡ - ንኡስ ዞባ ሓልሓል፡ ከምኡ'ውን ቁሩሕ - ንኡስ ዞባ ገሉብ ሓደሽቲ ስርዓት ቀረብ ማይ ተዋዲዱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ስርዓት ቀረብ ማይ ሃወሸ፡ ኣስዳን ኦሮታን - ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ፊልሒቶ - ንኡስ ዞባ ሒጋዝ፡ ሓሸላ-ዲጊጋን ሕመራይን - ንኡስ ዞባ ከረን፡ መዓልዲ - ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን፡ ሓመዶይ - ንኡስ ዞባ ዲላብርዕድ፡ ከምኡ'ውን ኣይገብ - ንኡስ ዞባ ገሉብ ኣብ ማስርሕ ከምዝርከቡ፡ ሰኽዓት ጨንፈር ማይ ናይ'ቲ ዞባ የጸርሩ።

# ክፍሊ ሃብቲ ማይ፡ ኣብ ትሕዝቶ ጸጋታት ማይ መጽናዕቲታት ከምዝደፍኣሉ ገሊጹ

ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን - ክፍሊ ሃብቲ ማይ፡ ትሕዝቶ ልዕሊ-ባይታውን ትሕተ-ባይታውን ማይ



ንምፍላጥ ዝቐየድ መጽናዕቲ ብዝለዓለ ከምዝደፍኣሉ ገሊጹ።

ዳይረክተር ጨንፈር ዳህሳስን ሓበሬታን ኣቶ ስመረ በርሀ ዝ ዝገለጹ፡ ኣብ ቀዳማይ መፋርቕ 2024 ንዝተሰላሰለ ንጥፈታት ኣመልኪቱ ኣብ ዝቐየዶ ቃለ-መሕትት እዩ።

ኤርትራ ኣብ ደረቕን ሓውሲ-ደረቕን ከባቢ ዞባ ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ስለእትርከብ፡ ዘለዋ ጸጋታት ማይ ውሱን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ዓመታዊ ዝርከብ መጠን ዝናብ - ኣብ ምብራቓዊ ጎላጉል ካብ 50 ክሳብ 200 ሚሊ-ሜተር፡ ኣብ ማእከላይ ከበሳ ካብ 400 ክሳብ 700 ሚሊ-ሜተር፡ ኣብ ምዕራባዊ ጎላጉል ከኣ ካብ 300 ክሳብ 500 ሚሊ-ሜተር ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ብዘዕባ ትሕዝቶ ሩባታትን ማይ-ክፍላታትን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ድማ፡ ኤርትራ ሓሙሽተ መሳጥሕ ማይ-ክፍላታት ማለት መሳጥሕ መረብ-ጋሽ፡ ባርካ-ዓንሰባ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሃጻፍ ደንካልያን ሰቲትን ከምእትውንን ብምግላጽ፡ ኣብ ዓመት ብድምር ልዕሊ 9,910 ሚሊ-ሜተር ውሓይዝ ከምዝሓልፍ ኣረዲኡ።

ዝበዝሐ ዝናብ ኣብ ገቦታትን ኣጻድፍን ስለዝወቅዕ ብርቱዕ ፍግረ-መሬት ከምዝስዕብ፡ ኣብ ግዜ ክረምቲ ብውሓይዝ ዝፍጠር ፍግረ-መሬት ዓመታዊ ካብ 600 ክሳብ 6,742 ቶን ኣብ ትርብዒት ኪሎ-ሜተር ከምዝበጽሕ ዝጠቐሰ ኣቶ ስመረ፡ ዛጊት ንዝተፈላለየ መዓላታት ዘገልግላ 800 ራህያታትን ዲጋታት ተሃኒጸን ከምዘለዋ፡ እተን 9 ዓበይቲ ዲጋታት ድማ ኣብ ዝሓለፈ 15 ዓመታት ዝተሃንጻ ስትራተጂያውያን ምዃነን ኣፍሊጡ።

ንጥፈታት ምህብታም ጸጋታት ማይ፡ ምስራሕ ዲጋታት፡ ከትርታትን ዛላታትን፡ ምግራብን ምኽላል ሕዛእቲን፡ ከምኡ'ውን ምህናጽ ትሕተ-ባይታዊ ዲጋታት ከምዝጠቓልል ብምሕባር፡ ኣብ 2024 ዝስዕባ 3 ዓመታትን ኣብ 80 ቦታታት ምስራሕ ከትርታት፡ ራህያታትን ዛላታትን ምግራብን፡ ጠንቂ ምንቅልቓል ትሕተ-ባይታዊ ማይ ንምፍላጥን ንምፍዋስን መጽናዕቲ ምግባር፡ ከምኡ'ውን ምንጪ ማይ 60 ዒድታት ንምውሓስ ዒላታት ምኹዓት ዘጠቓልል መደባት ከምዝትግበር ሓቢሩ።

# ባረንቱ - ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ልዑል ነጥቢ ዘመዝገባ ደቂ-ኣንስትዮ ተሸሊመን

ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ንኡስ ዞባ ባረንቱ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራታት 8ይን 12ን ክፍሊ ልዑል ነጥቢ ንዘመዝገባ ደቂ-ኣንስትዮ ኣተባቢዑ።

እተን ዝተሸለማ ተመሃሮ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ልዕሊ 80 ነጥቢ፡ ኣብ 'ማትሪክ' ድማ ናይ ዲፕሎማን ዲግሪን ነጥቢ ዘምጽኣ ኩይነን፡ ብጠቕላላ 34 እየን።

ሓላፊት ሃማደኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ኣለም ሃይለሚካኤል ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ምምሃር ጓልኣንስተይቲ ምምሃር ሕብረተሰብ ስለዝኾነ፡ ንደቂኣንስትዮ ንምሕያልን ንምትብባዕን ተራን ኣበርክቶን ናይ ኩሉ ኣካል ክዓዝዝ ብምዝኻኻር፡ ተሸለምቲ ብዝረኸብኦ ወጽኢት ከይተዛናያ ንዝበርኸ ዓወት ኣበርቲዐን ብምስራሕ እወታዊ ጽልዋ ክፈጥራ ተማሕጺና።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ መምህር ዳዊት ካሳ ብወገኑ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝዓቢ ዘሎ ወጽኢት ተመሃሮ ብሓፈሻ ተወዳደርቲ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ንምዕቃቡ ብውህደት ክስራሕ ኣዘኻኺሩ።

ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባን ሓላፊት ምምሕዳርን ፋይናንስን ጨንፈር ሃማደኤን ብግደኦም፡ ንዕወታት ምትብባዕ ቅዱስ ቅንኢ ዘሕድርን ንዚያዳ ዓወት ፍናን ዝህብን ብምዃኑ፡ ብኩሉ ኣካላት ክሰዓብ ጸዊዖም።

# ገልዓሎ - ኣብ ኣገዳስነት ገረብ ሾራ ኣስተምህሮ ተወሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ኣብ ጥቕሚ ገረብ ሾራ (ማንግሩቭ)፡ ከምኡ'ውን ኣገዳስነቱ ኣብ ምስሳን ጸጋታት ዓሳ ዝተኮረ ኣስተምህሮ ተወሂቡ።

ዕላማ ናይ'ዚ ኣብ ዓድታት ዓኪሉ፡ ሓፋናን ምምሕዳር ከባቢ ገልዓሎን ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ነቲ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሰጋገረ ዝመጸ ውሕሉል ኣጠቓቕማን ኣተዓቃቕባን፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ንምምዕባል ከምዝኾነ ተገሊጹ።

ገረብ ሾራ ኣብ ማሕበር ህዝቢ ኣበርክቶ ስለዘለዎ፡ ዝቐሰሞዎ ትምህርቲ ንዘጸንሖም ባህሊ ዝድርዕ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ኣብ ምምሳን ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነት'ውን ወሳኒ ከምዝኾነ ተሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ገረብ ሾራ ንመግቢ እንስሳን ምርባሕ ዓሳታትን ልዑል ኣገዳስነት ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ክዕቀብን ክስስንን ወሽጣዊ ናይ ምቁጽጻር ስርዓትን ሕጋታትን ከምዘለዎም ኣብሪሆም።

ገረብ ሾራ (ማንግሩቭ)፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ምዕቃብ ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነት ዝህልዎ ኣበርክቶ፡ ከም መፋረዩ፡ መጽለሊ፡ መዕቈብን መጸለልን ዓሳታት ከምዘገልግል ይግለጽ።

# ሰንዓፈ - ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምግታእ ብዕቱብ ይስራሕ

ኣብ ሆስፒታል ሰንዓፈ፡ ተርእዮ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማትን ሳዕቤናቶምን ንምቁጽጻር ብዕቱብ ይሰራሕ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ክፍሊ ምቁጽጻር ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ዶ/ር ቢንያም ሳልሕ ሓቢሩ።

ኣብ ምክትታልን ምፍዋስን ሕማማት ሽኮር፡ ልዑል ጸቕጢ ደምን ሕማም ልብን፡ ከምኡ'ውን መጉኤታዊ ፍወሳ ሕማማት ዓይኒ፡ ሰፊን ኣዝዮን ዝተኮረ መሰረታዊ ኣገልግሎት ከምዝወሃብ ዝሓበረ ዶ/ር ቢንያም፡ ቁጽሪ ሓደስቲ ተሓከምቲ ብደረጃ ንኡስ ዞባ እናወሰኸ ይመጽእ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ተገልገልቲ ወርሓዊ ስሩዕ ምክትታል ከምዝቕየደሎም ብምሕባር ድማ፡ ሳዕቤናት ናይ'ቲ ሕማማት ተገንዚቦም፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 6 ወርሒ ኩነታት ጥዕናኦም ክረጋገጹ ኣዘኻኺሩ።

ልዑል ክብደት ሚዛንን ትሑት ኣካላዊ ምንቅስቓስን፡ ከምኡ'ውን ልዑል መጠን ኣልኮላዊ መስተን ካልኦት ወልፍታትን ካብ ቀንዲ ጠንቅታት ስለዝኾኑ ክውገዱ ብምዝኽኻር፡ ተገልገልቲ ንዝወሃቦም መድሃኒት፡ ምኽርን ማዕዳን ብዝግባእ ክተግብሩ ጸዊዑ።

ኣብ'ቲ ሆስፒታል ብዝዋደድ ዘሎ ዘመናዊ መሳርሒታት፡ ዝጸንሑ ሕጽረታት በብመድረኹ ይማላእ ብምህላው፡ ተገልገልቲ ካብ ዘይተደልየ ወጻኢታትን ብኽነት ግዜን ድሒኖም ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ኣብ መደበራት ጥዕናን ሆስፒታል ሰንዓፈን ዝወሃብ ዘሎ ኣስተምህሮታትን ኀስጓሳትን ንዝጸንሐ ትሑት ኣፍልጦ ኣብ ምምሕያሽ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ተገልገልቲ ብግደኦም፡ ኣብ'ቲ ሆስፒታል ብዝረኽብዎ ዘለዉ ኣገልግሎትን ሞያዊ ምኽርን፡ ኣብ ጥዕንኦም ርኡይ ምምሕያሽ የምጽኡ ከምዘለዉ ኣረዲኦም።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ (ፑልመነሪ ኤደማ)

ሳንቡእ፡ ዝለዓለ ዕዮ ናይ ስርዓት-ምስትንፋስ ኣካላትና እተኻፍለ ኣካል እዩ። ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላትን ቲሹታትን ሰብነትና ብምርኻብ፡ ጽሩይ ኦክሲጂን ከስተንፍስ ትገብር።

ሳንቡእ የማናይን ጸጋማይን ተባሂሉ ዝጽወዑ ክልተ ጨናፍር እዩ ዘለዎ። ኣብ ቆፎ ኣፍ-ልቢ (thorax) ድማ ትርከብ።

የማናይ ክፋል ሳንቡእ ኣብ ሰለስተ ብልዕቲ ኣካላት ይምቀል - ላዕለዋይ፡ ማእከላይን ታሕተዋይን። እዚ የማናይ ጨንፈር ካብ ጸጋማይ ጨንፈር ሳንቡእ ሕጽር ዝበለ ይኹን'ምበር ሰፊሕ እዩ።

ጸጋማይ ክፋል ሳንቡእ ኣብ ክልተ ብልዕሊ ኣካላት ይምቀል - ግዳማውን ወሽጣውን። እዚ ክፋል ሳንቡእ እዚ፡ ካብ የማናይ ጨንፈር ዝፈልዮ ክልተ ክፍልታት ኣለዎ። እቲ ሓደ ክፍሊ 'ካርዲያክ ኖች' (cardiac notch) ይብሃል - ምስ ልቢ ገጢሙ ይርከብ። እቲ ካልኣይ ክፍሊ ድማ 'ሊንጉላ' (lingula) ይብሃል - ንላዕለዋይ ብልዕቲ ናይ ሳንቡእ ዝድግፍ እዩ።

ክልቲኦም ጨናፍር ናይ ሳንቡእ 'ፕለውራ ቲሹ' (pleural tissue) ብዝተባህለ መከላኸሊ ዝተሸፈኑ እዮም።


### ዕዮ ናይ ሳንቡእ

ሳንቡእ ኣካላትና እኹል ኦክሲጂን ከም ዝረክብ፡ ዝተቓጽለ ኣየር ድማ ንደገ ከም ዝወጽእ፡ እትገብር ኣካል እያ። ዝ. ስራሕ'ዚ ኣብ ወሽጢ ሓደ ደቒቕ ካብ 12 ክሳብ 20 ግዜ ተካይዶ።

ብኣፍና ወይ ብኣፍንጫና ዝሰሓብናዮ ኣየር፡ ብጐረሮና ኣቢሉ ናብ ጉርጉማ ይወርድ። ጉርጉማ ንብዑ ክልተ ኣየር ዘተሓላልፍ ሻምብቆ (bronchial tubes) ኣለዎ። እቲ ሓደ ሻምብቆ ናብ ጸጋማይ ሸነኽ ሳንቡእ፡ እቲ ካልኣይ ሻምብቆ ድማ ናብ የማናይ ሳንቡእ ይወስድ። ሳንቡእና ብዐቢኡ ክትዓዪ እንተኾይና እቶም ኣየር ዘተሓላልፉ ሻምብቆታት ክፉታት ክኾኑ ኣለምም። ካብ ረኽሲ/ሕበጥ ይኹን ዓኽታ ናጻ ክኾኑ ኣለምም ማለት እዩ።

እቲ ዝሰሓብናዮ ኣየር በዞም ሻምብቆታት ኣቢሉ ናብ ከረጺት ኣየር (alveoli) እዩ ዝኣቱ። ካብዚ እቲ ኣየር ናብ ሻምብቆታት ደም ተሓዊሱ፡ ናብ ልቢ ይኸይድ። ልቢ ድማ ነቲ ኦክሲጂን ዝሓዘ ደም ብምጭምጫዕ ኣብ መላእ ሰብነትና ናብ ዝርከቡ ዋህዮታት ከም ዝበጽሕ ትገብር። ሓደ በጽሒ ኣብ ሳንቡኡ ካብ 300 ክሳብ 500 ሚልዮን ከረጺት ኣየር ኣለዎ።

ዋህዮታትና ነቲ ኦክሲጂን ምስ ተጠቐመሉ፡




ዝተቓጽለ ኣየር ማለት 'ካርቦን ዳይኦክሳይድ' ይኸውን'ሞ፡ ናብ ደም ተሓዊሱ ናብ ሳንቡእ ይምለስ። ሳንቡእ ብመንገዲ እስትንፋስ ደገ ከም ዝወጽእ ትገብር።

ስርዓት ምስትንፋስ ኣካላትና ተጓናጺ ታህዋስያን ምስ ኣየር ተሓዊሶም ናብ ወሽጢ ኣካላትና ከይኣትዉ ይከላኸል እዩ።

= ኣብ ወሽጢ ኣፍንጫና ዝርከብ ጸጉሪ ዕብዪ ዝበሉ ብዓይንና ክንርእዮም ንኽእል ነገራት ናብ ወሽጢ ሰብነትና ከይኣትዉ ይከላኸሉ።

= ኣብ ጉርጉማን ኣብ ሻንብቆታት ሳንቡእን ዝፍጠር ልፋጭ (mucus) ናብ ከረጺት ሳንቡእ ዝኣቱ ኣየር ደርና፡ ባክተርያ ወይ ካልእ ጓና ኣካል ከይኣቱ ይከላኸል።

= ኣብ ወሽጢ መተሓላለፊ ሻምብቆ ኣየር ዝርከቢ ዘፈርፈር (cilia) ናብ ሳንቡእ ዝኣቱ ኣየር ንምጽራይ ይሕግዝ። ሓደ ካብቲ ምትካኽ ሽጋራ ንሳንቡእ ሓደገኛ ዝኾነሉ፡ ነዞም ዘፈርፈር ብዐቢኡ ስርሖም ከይዓይዱ ስለ ዝዐንቅፎም እዩ።

### ክንክን ሳንቡእ

ጥዕና ሳንቡእ ንምሕላው ክንገብሮ ዝግበኣና ክንክን ብዙሕ እዩ። ገለ ካብኡ፦

ልዕሊ ኩሉ ኣትካኺ እንተኾይንካ ሽጋራ ምትካኽ ምቁራጽ እዩ።

ክብደት ሰብነትካ ዝተመጣጠነ ክኸውን ኣለዎ። ልዕሊ ንቡር ክብደት ዘለዎም ሰባት፡ ሳንቡእ ኣየር ክትቕበልን ክተውጽእን እንከላ ከም ዝደለየት ተሰፊሑ ፍሒሉ ቦታ ክትረክብ ኣይትኽእልን።

ምውስዋስ ኣካላት ምዝውታር ንጥዕና ሳንቡእ ኣገዳሲ እዩ።

ኣመጋግባኻ ምሕላው።

ኣእዳውካ ቀጻሊ ምሕጻብ ሳንቡእ ብረኽሲ ንኸይትጥቃዕ ክትከላኸለልካ ይኽእል።

ሕማም ሳንቡእ ምስ ዘለዎም ሰባት ዘለካ ርክብ ውሑድን ጥንቃቐ ዘለዎን ክኸውን ይግባእ።

ጥዕና መላእ ሰብነትካ ምክትታል። ምኽንያቱ ገለ ዓይነት ሕማማት ጸገም ናይ ሳንቡእ ክተማዕብል ዘገድዱ ስለ ዝኾኑ።

እዝን ካልእን ጥንቃቐታት ምስ ዘይንገብር ኣብ ሳንቡእ ዝፍጠሩ ጸገማት ሓያሎ እዮም። ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ ሓደ ካብኡ እዩ።

### ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ

ሳንቡእ ማይ መሊኣ ክብሃል ሰሚዕና ዶ ኣለና? እዚ ብሕክምናዊ ኣጸዋውዳ ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ (ፑልመነሪ ኤደማ) ይብሃል። ኣብ ከምዚ ኩነታት ሳንቡእ ብዝግባእ ስርሓ ክተኻፍሉ ስለ ዘይትኽእል፡ ኣካላትና ዝድልዮ ኦክሲጂን ካብ ምርካብ ይተዓናቐፍ። ሕጽረት ምስትንፋስ ከጋጥም ንቡር ይኸውን። እዚ ሕማም'ዚ ምጽባስ ሳንቡእ (ላንግ ኮንጀስሽን) ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ እዩ።

ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ ኣዝዩ ከቢድ ሕማም ብምዃኑ፡ መብዛሕትኡም ግዳያት ቀጻሊ ሕክምናዊ ሓገዝ እዩ ዘድልዮም።

### ጠንቂ ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ እንታይ እዩ?

ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ ከስዕቡ ዝኽእሉ ሓያሎ ወሽጣዊ ጥዕናዊ ኩነታትን ባዕልና ንፈጥሮም ወይ ንኽተሎም ደጋዊ ረቛሒታትን እዮም ዘለው። ገለ ካብኦም ጠንቅታት ንምጥቃሱ

**ጸዑቕ ድኻም ልቢ - (ኮንጀስቲቭ ሃርት ፈይለር)**

ተደጋጊሙ ዘጋጥም ድኻም ልቢ ሓደ ካብ ልሙዳት ጠንቂ ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ እዩ። ልቢ ዘድሊ ደም ናብ ኩሉ ክፍሊ ኣካላት ክተብጽሕ ምስ ዘይትኽእል - ድኻም ልቢ ኣጋጢሙ ንብል። ኣብዚ እዩም ኣብ ሳንቡእ ዝርከቡ ንኣሽቱ ሻምብቆታት ደም፡ ጸቕጢ ስለ ዝኸኖም፡ ከም ኣምሳያኡ ፈሳሲ ክኸዝው ይጅምሩ። እቲ ዝዘዐ ፈሳሲ ተኣኪቡ ንከረጺት ኣየር ሳንቡእ ይመልኦ ማለት እዩ።

ከም ዝፍለጥ፡ ሳንቡእ ካብቲ ነስተንፍሶ ኣየር ኦክሲጂን ወሲዱ ናብ ኩሉ ኣካላትና መታን ክበጽሕ፡ ናብቶም ሻምብቆታት ደም እያ ተእትዎ። ሳንቡእ ብፈሳሲ ምስ እትመልእ ግን ነቲ ኦክሲጂን ናብቶም ሻምብቆታት ደም ክትልእኮ ኣይትኽእልን እያ። በዚ ድማ ኩሉ ክፍሊ ሰብነትና እኹል ኦክሲጂን ካብ ምርካብ ይሕረም ማለት እዩ።

ካልኦት ብትሑት ዓቐን ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ ከስዕቡ ዝኽእሉ ሕክምናዊ ኩነታት፦

* መጥቃዕቲ ልብን ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማም ልብን፥

* ዘልሑኽ ወይ ዝተዛየየ መፈንቶ ልቢ (ሃርት ቫልቭ)፥

* ጸገም ህርመት ልቢ፥

* ሃንደበት ዘጋጥም ልዑል ጸቕጢ ደም፥

* ኒሞንያ፥

* ድኻም/ሕማም ኩሊት፥

* ረኽሲ ሳንቡእ፥

* ረኽሲ ኣብ ሻምብቆታት ደም ምጥቃስ ይከኣል።

### ግዳማዊ ጠንቅታት ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ

ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ ከስዕቡ ዝኽእሉ ደጋዊ ጠንቅታት ኣለው። እዞም ደጋዊ ጠንቅታት ኣብ ልቢ ይኹን ኣብ ሳንቡእ ሃንደበት ጸቕጢ ብምፍጣር ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ ከስዕቡ ይኽእሉ። ገለ ካብኦም ንምጥቃሱ፦

* ንልዑል ብራኸ ምቅላዕ፥

* ዘይግቡእ ኣጠቃቕማ መድሃኒት፥ ንኣብነት - ልዕሊ ዓቐን መድሃኒት ምውሳድ ክኸውን ይኽእል፥

* ዝተመረዙ ኮሚካላት ናብ ወሽጥና ብምስሓብ ንፈጥሮ መጉዳእቲ ሳንቡእ፥

* ከቢድ ሰንባዩ፥

* ከቢድ መጉዳእቲ ወዘተ።

### ምልክታት ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ

ሳንቡእና ብፈሳሲ ምስ እትመልእ ከም ንቡር ኦክሲጂን ክትረክበን ናብ ካልእ ክፍሊ ሰብነት ክትልእኽን ኩቶ ዝከኣል ኣይኮነን። እዚ ጸገም'ዚ ድማ ክሳብ ግቡእ ሕክምናዊ ሓገዝ ትረክብ እናበኣሰን ንህይወት ዘፈታትን እናኾነ እዩ ዝኸይድ።

ምልክታት ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ ከከም ዓይነቱ ይፈላለ እዩ።

=> ንዊሕ ዝቐጸለ ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ

ኣብዚ ዝርአ ምልክታት፦

= ስራሕ ክትዓዪ ዝርአ ሕጽረት እስትንፋስ፥

= ኣብ እትግምስሰሉ/ እትድቅሰሉ እዋን ብዐቢኡ ክተስተንፍስ ዘይምኽኣል፥

= ኣብ እተስተንፍሰሉ እዋን 'ጺጽ' ዝበል ድምጺ ምስማዕ፥

= ብሰንኪ ሕጽረት እስትንፋስ ኣብ ግዜ ለይቲ ብተደጋጋሚ ካብ ድቃስ ምብርባር፥

= ቅልጡፍ ዝኾነ ምግዛፍ ሰብነት ብፍላይ ኣብ እግሪ ምዕዛብ፥

= ሕበጥ ኣብ ታሕተዋይ ክፍሊ ሰብነት ምርኣይ፥

= ብቐለሉ ምድካምን ናይ ምስልካይ ስምዒት ምርኣይን።

=> ንልዑል-ብራኸ ብምቅላዕ ዝዝፍጠር ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ

ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ ሕማም ብራኸ (ኣልቲቱድ ሰክነስ) ተባሂሉ'ውን ይግለጽ እዩ። ናብ ዝለዓለ ብራኸ እናደየብና ክንከይድ እንከለና ንረኽቦ ማጠን ኦክሲጂን እናወሓደ እዩ ዝኸይድ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ነርእዮ ምልክት፦

= ሕማም ርእሲ፥

= ዘይንቡር ምውሳኽ ህርመት ልቢ፥

= ድሕሪ ሃልኪ ወይ ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ዝመጽእ ሕጽረት እስትንፋስ፥

= ምስዓል፥

= ረስኒ፥

= ናብ ላዕሊ ምድያብ ምጽጋም ከምኡ'ውን ኣብ ሰጥሒ ጎልጎል ብዘይ ዕረፍቲ ነዊሕ ክትጐዓዝ ዘይምኽኣል፥

እዞም ምልክታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበኣሱ ክኸዱ ምስ እትዕዘብ፥ ተቐላጢፍካ ሕክምናዊ ሓገዝ ክትረክብ ኣሎካ።

### ህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ ከምዘድልየካ ዝሕብሩ ምልክታት

* ከም ምውዳቕን ወተሃ ምጥፋእን ዝኣመሰሉ ብሕጽረት እስትፋስ ዝመጽእ ጸገም፥

* ብሰንኪ ብዐቢኡ ክተስተንፍስ ዘይምኽኣል ዝርአ ወጥርን ቃዘናትን፥

* ድሕሪ ምስዓል፥ ርሃ ዝሕብሩ ዓልጋት ክተውጽእ ምዕዛብ፥

* ብርቱዕ ቃንዛ ኣፍ ልቢ፥

* ዕረፍቲ ዘይብሉ ቅልጡፍ ህርመት ልቢ፥

* ቆርበት ሰብነት ሰማያዊ ወይ ሓሞኸሽታይ ሕብሪ ክሕዝ ምርኣይ፥

* ብሰንኪ ብዐቢኡ ክተስተንፍስ ዘይምኽኣል ዝርአ ብዙሕ ምርሃጽ ዝኣመሰሉ ምልክታት ብዘይ ወዓል ሕደር ናብ ሕክምና ክትከይድ ከም ዘለካ ዘመልክቱ መሓበሪታት እዮም።

### ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ vs. ኒሞንያ

ኒሞንያ ሓደ ካብ ኣብ ሳንቡእ ዝርአዩ ከቢድቲ ሕማማት እዩ። ዘይከም ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ፡ ኒሞንያ ብቫይረስ፡ ብባክተርያ ወይ ብዕሲ ዝስዕብ ረኽሲ እዩ። እቲ ረኽሲ ኪጋጥም እንከሎ፡ ከረጺታት ኣየር ሳንቡእ ብፈሳሲ ከም ዝመልእ ይኸውን። ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ተዳኺሙ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን፡ ጉንፋዕ ወይ ኢንፍልወንዛ ምስ ዝሕዝና ናብ ኒሞንያ ክምዕብል ይኽእል።

### ምልክታት ኒሞንያ፦

* ብርቱዕ ረስኒ ምስ ቁራቁሪ ምግባእ፥

* ተደጋጋሚ ሰዓል ምስ ዓኽታ፥

* ቃንዛ ኣፍ-ልብን ዘይንቡር ስምዒትን፥

* ሕጽረት ምስትንፋስ፥

* ዕግርግርን ተምሳሰን፥

* ወጽኣት ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።

ኒሞንያ ቀልጢፍና ክንፍወሶ ምስ ዘይከኣል ኣብ ሓጺር ግዜ ክሳብ ሞት ከብጽሕ ይኽእል።

### ንምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ ዝተቓልዑ መን እዮም?

ምስ ልቢ ምትእስሳር ብዘለዎ ጥዕናዊ ጸገም ዝሳቐዩ ሰባት ንምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ ዝያዳ ዝተቓልዑ እዮም። ካልእ ናብ ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ ከምርሑና ዝኽእሉ ጸገማት፦

ብዝተፈላለዩ ጸገማት ሳንቡእ ተጠቒዕካ ምጽናሕ፥

ኣብ ሻንብቆታት ደም ዝተፈላለየ ጥዕናዊ ጸገማት ምህላው ብቐዳምነት ክጥቀሱ ይኽእሉ።

### ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ ከይእከብ ብኸመይ ክንከላኸሎ ንኽእል?

ምእካብ ፈሳሲ ኣብ ሳንቡእ ምሉእ ብምሉእ ክንከላኸሎ ዝከኣል ኣይኮነን። ምልክት ናይዚ ሕማም ዘለዎም ሰባት ግን፡ ናብ ዝኸፍአ ጸገም ከይቃልዑ ክገብርዎ ዝግበኦም ጥንቃቐታት ኣለዉ።

ኒሞንያ ወይ ካልእ ጸገም ናይ ሳንቡእ እንተጸኒሑኩም፡ ብዐቢኡ መድሃኒቱ ክወስዱ ምክትታል፥

ናይ ኢንፍልወንዛ ክታበት ብዐቢኡ ምውሳድ - እቲ ግዳይ ናይ ልቢ ጸገም ዘለዎ ወይ ዕድመ ዝደፍአ ምስ ዝኸውን ብፍላይ።

### ጸገማት ልቢ ዘለካ ምስ እትኸውን፦

= ቀጻሊ ናብ ሓኪም ብምኻድ ኩነታትካ ምክትታል፥

= ኣትካኺ ሽጋራ ምስ እትኸውን ካብ ምትካኽ ምቑጣብ፥

= ዘየድሊ መድሃኒት ካብ ምውሳድ ምቑጣብ፥

= ኣልኮላዊ መስተ ዘይምውሳድ፥

= ዓቕምኻ ዝፈቕዶ ከም ብእግሪ ምጉዓዝ ዝኣመሰለ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምክያድ፥

= ኣመጋግባኻ ምሕላው፥

= ክብደት ሰብነትካ ምቁጽጻር የድሊ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ጽልዋ ኣተሓሳስባ

ኣተሓሳስባና ንስምዒትናን ባህርያትና ኣዝዩ እዩ ዝጸልዎ። ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ ጽቡቕ ስምዒታት ይህልዎ። ጽቡቕ እናተሰመዖ ዝነብር ሰብ ከኣ ፍቱው ባህርያት ይህልዎ። ካብ ወጻኢ ኣተሓሳስብኡ ከኣ ሕገሰ ህይወት ይመርሕ። እወታዊ ኣተሓሳስባ ምህላው ቃንዛን ጸገማትን ኣብ ምጽዋር እውን እወታዊ ጽልዋ ኣለዎ። ሰናይ ሓሳብ ከሰላስል ዝነብር ሰብ ኣብ ዝቐንዘወሉ ወይ ዝጸገመሉ እዋን'ውን ከይተረፈ "ኩሉ እዩ፡ ንግዚኡ እዩ" ዝብል ሓይሊ ስለ ዘለዎ፡ ቀልጢፉ ክሓውን ጸገሙ ክፈትሕን ዝበለጸ ዕድል ይህልዎ። ዓወት ወጻኢት ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ምኻኖም ዘይትዕ'ውን ኣይኮነን። ዓወት ወጻኢት ስራሕን ቃልስን እዩ። እወታዊ ኣተሓሳስባ ምስ ዝህልወና ከኣ፡ ተሰፋ ከይቆረጽና ክንጽዕር ስለ ዘኽእለና ናይ ምዕዋት ተኽእሎና ዝዓቢ ይገብሮ። እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ ኩሉ ጸዓቱ ጸጋብቹ እናሓሰበ ስለ ዘውጽኦ፡ ወጻኢት ጻዕሩ ናብ ውሑስ መደምደምታ የብጽሖ።

ኣብ እትጋጠሞ፡ ኣብ ከምዚ ኢጋጣሚ ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ምምዕባል ኣዝዩ ሓጋዚ'ዩ። እቶም ዝዓበዩ ጉዳያት ናይዛ ዓለም ቅንዕናን ጌጋን እዮም። ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ይኹን ውልቀሰብ ብምኳን ከኣ፡ ኣብ ዘዩቋርጽ ግርጭት ይርከቡ። ኣእምሮኻ ብጌጋታት ዝተመልአ እንተ ኾይኑ፡ ጌጋ እቲ ዘይጸዓድ ብምኳን ንኹሉ ተግባራትካ ዓብሊሉ ጌጋ ንኽትፍጽም ክደፋፍኣካ እዩ። ኣብ ከምኡ ኣጋጣሚ ቅንዕና ዘይብሉ ሓሳባት ትሓስብ፡ ዝንበዕ ርድኢት ይህልወካ፡ ኣብ ጌጋ መደምደምታ ትበጽሕን ጌጋ ስጉምትታት ትወስድን። ብኣንጻር ናይዚ፡ ኣእምሮኻ ብቕኑዓት ሓሳባት ዝተመልአ እንተ ኾይኑ ብቕኑዓት ሃዋህው ኢኻ ትኽበብ። ቅኑዕ ርድኢት ስለ ዘለካ ውሑድ ጌጋታት ጥራይ ኢኻ ትፍጽም። ጌጋ ኣብ ዝፈጸምካሉ እዋን ተሰፋ ኣይትቖርጽ፡ ጌጋ ምፍጻም መወዳእታ ናይ ዝኾነ ነገር ኣይኮነን። ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ እንተ ተቐልቂሉና ከምጋርር፡ ክንወቕሰን ክንኮፍእን ኢና ንጽዕር። ከምዚ ዝመስል ስምዒት ክቕልቀለና እንከሎ እምበኣር፡ ብዝተኻእለ መጠን ጽቡቕ ነገራት ክንዝክርን ንመጻኢ ጽቡቕ ነገር ክንሓስበን ከም ዘለና ምዝካር ኣድላዪ እዩ። ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ እንተ ተቐልቂሉና፡ ካብ ሕሉፍ ሐሕማቑ ጥራይ ከም ንዝክር እዩ ዝገብር። ዝ ብኢጋኡ ብምስትውዓል ንኣብሰና ክንመልሶን ኑ፡ ግናይ ሓሳባት ከወግዶን ክንጽዕር ኣለና።

ገለ ካብቶም ጥንቃቐ ዘድልዮም ኣተሓሳስባታት፡

- ሕማቕ ተዘክሮታት ምውጋድ፡- ኣብ ገለ እዋን ብዕላል ዘምጽኦ ይኹን ብምዕዛብ፡ ዘይንፈትዎም ንውሽጥና ዝቕስቅሱ ነገራት የጋጥሙና እዮም። እዚ ተዘክሮ፡ ኑ፡ ዘኮሂ ሕማቕ ከኣታት ህይወት ኣዘኪሩ ናብ ሕማቕ ክመርሓና ይኽእል'ዩ። ስለዚ፡ ብፍላይ ዘሕዝኑ ተዘክሮታት፡ ክምለሱና ዘይክእሉ ምኻኖም ኣሚንና፡ ከም ሕሉፋት ሓሲብና እንተ ሓለፍናዮም ዝበለጸ'ዩ።
- ነገራት ምትእስሳር፡- ሰባት ካብቶም ናብ ስቓይ ዝሸምሞም ሓሳባት፡ ንሕወን ዝኾነ ነገር ምስ ካልእ ጉዳይ ምትእስሳር'ዩ። ስለዚ፡ ንነገራት ብቕንዕና ተመልኪትና ክንርእዮም ንፈትን።
- ጸገሕ ክንብር'ዩ፡- ንዝሓለፉ ስራሕ ንኽትዛዝዞ እኹል ሓይልን ግዜን እናሃለወካ 'ጸገሕ ክገብሮ እየ' እናበልካ ምድንጓይ፡ ብዘይንቕሓት ንጸገሕ ዘጋጥመካ ኣጉዳሲ ስራሕ ከም ምኽሳር'ዩ። ብዙተፈራረቐ ሓሳብ ኣብ እትዋጠረሉ፡ ንብሰኻ እንተ ውሒደ ክትጅምር ከም ዘለዋ ደፋፍኣያ። ዝ እንተ ገይርካ፡ ስራሕካ ከም እትፍጽሞ ፍሉጥ'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ስራሕ እቲ ዝኸበደን እቲ ዝበለጸን ምጅማር ስለ ዝኾነ።
- ዘይጠቕሙ መኻይድቲ ፦ ካብቶም ኣብ መዓልታዊ ህይወት ግዜኦም ምሳኻ እናዋሙ ዘሕልፍዎ፡ ዘይእሙናት፡ ዕቃብታት ዘይብሎም፡ ቀናኣት፡ ዘይትሰፋዎምትን ሓይልኻ ዘጽንቅቑ ድኹም ኣተሓሳስባ ዘለዎምን እንተ ሃልዮም፡ ካብዚኦም ምርሓቕ ኣገዳሲ'ዩ።
- ኣነ ወጻኢት ሕሉፍ'የ ምባል፡- ሰባት ሓደ ካብቲ ናብ ውድቀት ዝመርሓና፡ ህይወትና ብሕሉፍ ተመክሮታት ጥራይ ክንርእያ ምፍታን'ዩ። ከምዚ ዓይነት ኣረኣእያ፡ ንመጻኢ ዕድላትና ማዕረ'ቲ ዝሓለፈ ጥራይ ገይርና ከም እንጥምቶ'ዩ ዝገብር። 'ኣነ ወጻኢት ሕሉፍ'የ' ኢልካ ንብሰኻ ምስ እትግምግም፡ ንዝመጽእ እትገናጸፎ ዕብየት ድሩትነት ምቕማጥ'ዩ። ስለዚ ንሕሉፍ ከም መምሃሪ እናወሰድካ፡ ኣብ መጻኢ ካብቲ ዝሓለፍካዮ ንዝበለጸ እናቋመትካ ምኻድ ተመሪጹ'ዩ።



## ካብ ግርምቢጥ ባህርያት ሂትለር

ሓደ ካብቶም ኣብ ታሪኽ ብዝየሰብኣውነቶን ጭካነን ዝፍለጥ መራሒ ናዚ ነበር ኣዶልፍ ሂትለር እዩ። ሂትለር ግን ከም ሰብ ኣብ ውልቃዊ ህይወቱ ዘንጸባርቖም ዝነበረ ፍሉያት ባህርያት ከምዝነበሮ፡ ንቐረባ ፈለጥቱ ዝነበሩ ብምጥቃስ ዝተዳለወ ሰነዳት ይጠቕሱ። ገለ ካብቲ ባህርያቱ፡

### 1. በዓሊ ኣሕምልቲ (ቨጀተርያን)

ኣሕምልቲ ምዝውታር ክንዮ ዕንጋለት ንጥዕና ደቂሰብ ኣገዳሲ መኣዝዊ ትሕዝቶ ኣለዎ። ብጥዕናዊ መለክዒ፡ ኣሕምልቲ ጥራይ ምብላዕ'ውን ብማሰረት ምብራቓዊ ፍልስፍናታት ናይ እሩምን ሰሎማውን ባህሪ ምንጸብራቕ ይርአ። ከምኡ'ውን በላዕቲ ኣሕምልቲ ወይ ቨጀተርያን ሰባት ዝ ባህሪ ዝላበሱ ካብ ድንጋጸን ሓልዮትን እንስሳታት ዝመንጨወ ምኽንያቱ ዝሕብር። ሂትለር ካብ 1930 ንደሓር ብወሰንታዊ ተበግሶኡ ብዘይካ ኣሕምልቲ ምምጋብ ካብ ስጋ ምብላዕ ተሓሪሙ እዩ። ኣብ ገለ ወግዓዊ መንግስታዊ ኣኼባታት ሰልፊ ናዚ ከይተረፈ፡ ንዕዱማት፡ ካብ ምቕታል እንስሳታት ክሕረሙ ካብ ዝብል ምጉት ተበጊሱ ዝተፈላለየ ኣስካሕካሒ ኣቀታትላ ናይ እንስሳታት ዝሓዙ ኣሰቃቕልን ቪድዮታትን ብምስናይ ናይ ርህራህ መልእኽቱ ከበጽሕ ይጽዕት ነበረ። ኣብ ሓደ እዋን'ውን ሂትለር ኣብ መላእ ጀርመን ቤት መሸጣ ስጋ ክዕጸዋን ክኸልከልን ዝብል እማመ ብምቕራብ ጀርመናውያን ኣሕምልቲ ከዘውትሩ ዝብል ሓሳብ ከምዝዘበሮ ይንገር። ብመሰረት እዚ ዝምባሉ፡ ተሓጋጋዚ ሂትለር ነበር ማርቲን ቦርማን ንኸይታኡ ከደስት ኣብ ጥቓ መንበሪ ሂትለር ጀርዲን ናይ ኣሕምልቲ ደኪኑ ነበረ።

ብርግጽ ከምዚ ዓይነት ባህሪ በቶም ኣብ ጎደና ዝኣምኑ ሰባት ክዘውተር ኣዝዩ ኣገራምን ግርምቢጥን እዩ። ብፍላይ ድማ፡ በቲ ሚልዮናት ህይወት ሰባት ከምዝህለቐ ዝገበረሉ ሂትለር።

### 2. ጸረ ወልፊ ሽጋራ

ሂትለር ኣብ ግዜ ንእስነቱ ሽጋራ የትክኽ ምንባሩ ይፍለጥ። ኣብ ገለ ጽሑፋት'ውን ንመዓልቲ ክሳብ 40 ዝበጽሕ ሽጋራ የትክኽ ከም ዝነበረ ይግለጽ። እዚ ወልፊ ኣብ ህይወት ሂትለር ምስናይ ምስዕራሩ፡ ድሕሪኡ ብውልቃዊ ተበግሶኡ ብዘይ ዝኾነ ጸገም ቀጥታዊ ምቁራጽ ብምግባሩ ካብ ካልኦት ኣደናቖት ረኺቡ እዩ። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ዝ ኩነት ከበርህ ሂትለር ውልቃዊ ሕቶታት ምስ ቀረበሉ፡ "ወልፊ ሽጋራ መጥፍኢ ገንዘብ እዩ" ክብል መሊሱ። ሂትለር፡ ዝ ባህሪ ኣብ ሕብረተሰብ ጀርመን ክንጽዕ እቲ ብመሓውር መንግስቲ ዝተሰላሰለ ናይ ንቕሓት ወፍሪ፡ ናይ ባዕሉ ውልቃዊ ተበግሶ ብምውሳድ'ውን ኣንጻር ምትካኽ ጸግዒ እዩ። ንኣብነት፡ ሂትለር ሓደ ካብቶም ናይ ቀረባ ላዕለዎት መኩንናቱ ዝ ወልፊ ምስ ሓደጉ ከም ብልጫ ወርቃዊት ሰዓት ብምሽላም ኣተባቢዕዎ ነይሩ። ሂትለር ንግዱያቱ ብመርዝም ጋዝ ክቐትል እንከሎ ካብ ሽጋራ ምትካኽ ክንዲዚ ምጽያኑ ነገር ግርምቢጥ ከይኮነ ኣይተረፈን።

### 3. ዓቃቢ ባህርያዊ ኣከባቢ

ዕቃብ ኣከባቢ ክበሃል እንከሎ ኩሉ እቲ ንጥዕና ባህርያዊ ከባቢና ከም ኣትክልቲ፡ ኣግራብ፡ ሓመድን ማይን ዘድንፍዕ ወፍርታት እዩ። እዚ ዓይነት ባህርያዊ ዝንባለ ዘለዎም ገለ ሰባት ንኣከባቢ ከም ኑብሶም ርእዮም ክሕልውዎ ይርእዩ። ኣከባቢ ከየብርስ ወይ ከይብከል ዝሰርሕ ዓይነት ሰብ እምበር፡ እቲ ኣብ ውልቃዊ ህይወቱ ርህራህ ዘዘውትርን ሓላፍነታውን ዝኾነ ሰብ እዩ። ይኹን እምበር፡ እዚ ዓይነት ፍሉይ ጠባዩ'ውን ኣብ ሂትለር ይንጸባረቕ ነይሩ እዩ። ብፍላይ ድማ፡ ስልጣን መንግስቲ ካብ ዝሓዘ ንደሓር፡ ሂትለር ኣብ 1935 ናይ ምግራብን ኣትክልቲ ምዕቃብን ሃገራዊ ፕሮግራም ብምምራሕን ጀርመን ቀጠልያ ክትከውን ጸዒሩ እዩ።

### 4. ተጣባቒ ንመሰል እንስሳ

ኣብ ቁጽሪ 1 ከም እተጠቕሰ ፡ ሂትለር ኣብ ኣመጋግባኡ ኣሕምልቲ ምምራጹ ካብ ርህራህ ኣብ ልዕሊ እንስሳታት ተበጊሱ እዩ። ናይ ቀረባ ፈለጥቱ ኣፍቃሪ እንስሳታት ከም ዝነበረ ክሕብሩ እንከለዉ፡ ተሓጋጋዚኡ ዝነበረ ማርቲን ቦርማን ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ሓንቲ ብሎንዲ ዝስማ ከልቢ ከም ህያብ ከም ዝሃቦ ይፍለጥ። ሂትለር ካብ ምሓር ፍትወት ተበጊሱ፡ ነዛ ከልቢ ኣብ መንን ኣኼባ ብምምላቕ ከይተረፈ የጻውታ ምንባሩ'ውን ናይ ቀረባ ፈለጥቱ ይሕብሩ። እዚ ፍቕሪዚ ብደረጃ ሃገር'ውን ንኹሎም እንስሳታት ተጻሒሑ እዩ። ኣብ ሚያዝያ 1933 ከም ሕጊ ኣብ ጀርመን ዝቖመ እግሙ፡ ኣብ መላእ ጀርመን መዓልኡ ብዘየገድስ ኣብ ህይወት እንስሳ ዝኾነ ዓይነት ምርምራዊ ናይ ላብራቶሪ ፈተነታት ከይፍጸም ብትሪ ኣጠንቂቑ ነበረ። ዝኾነ ዜጋ ኣብ ልዕሊ እንስሳታት ዝፀበር ዝኾነ ኣበሳ ድማ ክሳብ ብማእሰርቲ የቕጽዕ ምንባሩ ይፍለጥ። ኣኺ ኣዚ'ውን ኑ፡ ብኤውሮጳውያን ዝውተር ዝኾነ ንጥፈታት ሃድን እንስሳታት ኣዋሪ ተግባር ምኻኑ ብምግላጽ ኣብኡ ሃገር ንጥፈታት ሃድን ክውገድ ገይሩ እዩ። እቲ ኢዱ ብደም ንጹሃት ዝጨቀወ ዝነገረሉ ሂትለር ኣብ እንስሳታት ግን ብኣንጻሩ ኣዝዩ ርህሩህን ደንጋጽን ምንባሩ እዩ።

### 5. ዓርኪ ርእሲ

ሓደ ካብቶም ካብ ትጽቢት ብዙሓት ወጻኢ ዝኾኑ ተግባራት ናይ ሂትለር ኣብ መርዓ ንብለዝን ማጉዳን ዓርኪ ርእሲ ኮይኑ ምውዓሉ እዩ። ሚኒስተር ፕሮፓጋንዳ ናዚ ዝነበረ ጆሴፍ ጎብለዝ ምስ ማግዳ ክምርዓ እንከሎ፡ ሂትለር ምስ ውልቃዊ ዝናኡ፡ ክብሩን መዝነታዊ ውቃበኡን ዘይመጣጠን ከም ተራ ሰብ ኮይኑ ዓርኪ ርእሲ ክኸውን ምውሳኑ ንብዙሓት ካብ ዘደንቐ ነገር እዩ። ማግዳ፡ ዝ ኣብ ዕለተ ጸምብል መርዓኣ ብሂትለር ዝተገበረላ ክብሪ ንኽትመልሶ፡ ነቶም ካብ ጎብለዝ ዝወለደቶም 6 ደቃ ኣስማቶም ከም ናይ ሂትለር ብፊደል ኤች (H) ከም ዝጅምር ገይራ እያ።

ሙኽታር ሱሌማን








## ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ተስፉ እታ እንኮ ብዘይ ዕምባባ መዓር እትሰርሕ ንህቢ እያ።" - **ሮበርት ኢንገርሶል**
- "ንዓወት ብሕልሚ ዘይኮነ ብዮንበር'የ ዝሰርሖ።" - **ኢስተ ላውደር**
- "ፍቕሪ ዕዉር እዩ። ሓዳር ግን ናይ ብሉቒ ዓይኒ ይኸፍት።" - **ፓውሊን ቶምሶን**
- "ጸዕሪ ንማንም ሰብ ቀቲሉ ኣይፈልጥን፡ ንምንታይ ንዘይተጨበጠ ዕድላት ትጸበ?" - **ኤድጋር በርገን።**
- "ደቂ ሰብ ትርጉም ንምድላይ ዝመጽኡ ፍጡራት እዮም።" - **ዶሮቲ ሮው**
- "ካብቶን ዝሓለፋ መዓልታት ዝበዝሕ መዓልቲ ኣሎ። ስለዚ ካብ ሎሚ ጀሚርካ ንኣብስይ ክቕይራ ኣሎኒ።" - **ስቲቭ ጆብስ**
- "ብዕላማ እንተ ደኣ ጸዒርካ ኑ፡ ክትበጽሖ እትደልዮ ዕላማ ዘይትበጽሓሉ ምኽንያት የለን። ንዕላማኻ ዋጋ ክትከፍለሉ ግን ቅሩብ ኩን" - **ሜሪ ማክሊዮድ**
- "ሰዓት ሓገሰን ፍጹም ተራኺቦም ኣይፈልጡን እዮም።" - **ቤንጃሚን ፍራንክሊን**
- "ህይወት ብንውሓት ግዜ ዘይኮነ ብሰናይ ኣበርክቶ እያ ትቑጸር።" - **ሬቻርድሰን**

ፖለቲካ

# በደል ምዕራባውያን ኣይኣክልን'ዶ፧

ፕሮፌሰር የማነብርሃን ግርማጼን

ኢትዮጵያ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ኩናት ኮነ ድሕሪ ናጽነት፡ ንኣስታት 80 ዓመት (1941-2018) ንህዝቢ ኤርትራ ግዳይ ሞት፡ ስቓይን ሓሳረ መከራን ክትገብሮ ዝኸኣለት፡ ብቐንዱ ካብ እንግሊዝን ኣመሪካን ሰዓብተን ዝኾና ምዕራባውያን ሃገራትን እስራኤልን ከምኡ'ውን ካብ ሕብረት ሶቭየትን ሰዓብታን ብእትረኽቦ ዝነበረት ፖለቲካዊ፡ ገንዘባውን ወተሃደራውን ሓገዝ እያ። ብዘይ ሓገዝ እዘን ሓያላን ሃገራትን ሰዓብተንን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንኸልተ-ሰለስተ ዓመት እውን ክትዋግኦ ዓቕሚ ኣይምሃለዋን። እዚ ግዜ ደገፍ'ዚ እናረኸበት'ውን ኣብቲ ነዊሕ ምርብራብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ (1961-1991) ተሳዒራ እያ።

ዕላማ ናይዘን ንኢትዮጵያ ደገፈን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ከቢድ በደል ዝፈጸማ ሃገራት፡ ብኢትዮጵያ ኣቢለን ንኤርትራን ቀይሕ ባሕሪን ምቁጽጻር እምበር ንረብሓ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣይነበረን። እኳ ድኣ ንኢትዮጵያ ብቑጠባ ይኹን ብፖለቲካ ርእሳ ዘይትኽእል ወይ ጽግዕተኛ ሃገር ኮይና ከምእትነብር ገይረንኣ እየን።

"ታሪኽ ንርእሳ ትደግም" ከምዝበሃል፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ድሕሪ ኩናት 1998-2000፡ ብ12 ታሕሳስ 2000 ውዕል ሰላም ኣልጀርስ ኣብ ዝፈረማሉ ሕቡራት ሃገራት፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ሕብረት ኣውሮጳን ኣመሪካን ኣውሓስቲ ስምምዕ ኮይናም ከምዝፈረሙ ይዝከር። እቲ ውዕል ሰላም፡ ነቲ ስምምዕ ዝፃንቀጸት ሃገር (ኤርትራ ትኹን ኢትዮጵያ) ስጉምቲ ክውሰደላ ምኳኑ ዘጠንቅቕ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ኢትዮጵያ ብኣጆኺ በሃልታ ኣመሪካን መሻርኽታን በቲ ውዕል ማሰረት ንዝተዋህበ ብይን ኣብ ምቕባሉ ሓንጊደት። እቲ ብይን ኣብ ዝተዋህበሉ ዕለት ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ ስዩም መስፍን፡ "ዝሓተትናዮን ዘይሓተትናዮን መሬት ረኺብና" ኢሉ ንህዝቢ ኢትዮጵያ 'እንቋዕ ሓጎሰካ' ድሕሪ ምባሉ ኣይሰሙን ኣይሰልሰቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ መለስ ዜናዊ፡ ሃገሩ ነቲ ብይን ከምዘይትቕበሎ ብወግዒ ገሊጹ። ኣውሓስቲ ስምምዕ ተባሂሎም ክታሞም ዘንበሩ ድማ፡ ንኸልኣይ ግዜ ምስ ኢትዮጵያ ብምውጋኑ፡ ሓላፍነቶም ካብ ምፍጻም በኺሮም። ብኣንጻሩ ኣመሪካን መሻርኽታን ነታ ብይን ተቐቢላ 'ሕጊ ይኽበር' ዝበለት ኤርትራ ብእጉዳታት ኣዳኺመን ንኢትዮጵያ ከዕውታ ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ሃሊኸን። እንተኾነ ኣብዚ ካልኣይ ፈተነ እውን ኣይተዓወታን።

## ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ

ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ሰራዊት እንግሊዝ ኣብ ኤርትራ ኣንጻር ኢጣልያ መጥቃዕቲ ፈነወ። ብ1 ሚያዝያ 1941 ድማ ንኢጣልያ ሰዒሩ ንከተማ ኣስመራ ብምሓዝ ንምልእቲ ኤርትራ ተቘጻጸረ። ብእንግሊዛዊ ብሪጋዴር ጀነራል ኬኔዲ ኩክ ዝምራሕ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ድማ ኣብ ኤርትራ ቆመ።

ኣመሓዳሪ ኤርትራ ኬኔዲ-ኩክ፡ ኣብ ኣስመራ እግሩ ምስ ረገጸ ድሕሪ ዓሰርተው ክልተ መዓልቲ ብ13 ሚያዝያ 1941 ክልተ እኩያት ስጉምትታት ወሲዱ። ቀዳማይ፡ ነታ ብኣሕትን ኣፍቀርቲ ህዝቦምን ኤርትራውያን ዝተማሰረተት በኹሪ ፖለቲካዊ ማሕበር፡ "ማሕበር ፍቕሪ ሃገር" ንጥፈታታ ከይተካይድ ኣጠንቂቓ። ካልኣይ፡ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢጣልያ (1890-1941) ናብ ኤርትራ ኣትያ ፖለቲካዊ ገስጋስ ከተካይድ ይፍቀደላ ዘይነበረ ክነሱ፡ እንግሊዝ ግን ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኤርትራ ኢዳ ከተእቱ ፈቒዱላ።

ብኣመሰራርታ "ማሕበር ፍቕሪ ሃገር" ንጀምር። "...ማሕበር ፍቕሪ ሃገር (ማ.ፍ.ሃ.) ናብ 5 ግንቦት 1941 ኣብ ዘውግሐ ለይቲ እያ ተመስሪታ። ነታ ማሕበር እተካየድ ሾሞገለ ድማ ብ12 ሰባት፡ ሽዱሽተ እስላም፡ ሽዱሽተ ክርስትያን ቁመት። "ኣብ መንጎ እዚኣቶም፡ ፊተውራሪ ገብረመስቀል ወልዱ፡ ደግያት ሓሰን ዓሊ፤ ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ፡ ብላታ ደማሳስ ወልደሚካኤል፡ ሓጂ ኢማም ሙሳ፡ ቀኛዝማች ብርሃ ኣሕመዲንን ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያምን ነበሩ" ይብል ኣለምሰገድ ተስፋይ ኣብ ኣይንፋለ 1941-1950 መጽሓፉ።

ኢትዮጵያ፡ በዚ እንግሊዝ ዝሃባ ዕድል ተጠቒማ፡ ናጽነት ይብሉ ንዝነበሩ ኤርትራውያን ክትጽብእ፡ ካብኡ ሓሊፉ እውን ክትቕትለን ፈተነ ቕትለት ከተካይድን ጀመረት። ሓደ ካብቶም ቀዳሞት ግዳያት ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ ነበሩ። ብ27 መጋቢት ኣብ ኣስመራ፡ ኢትዮጵያ ብዘዳለዎም ሸፋቱ ተወጊኡ፡ ቡታ እተወግኣዋ ጥይት ምኽንያት ከኣ ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ብ29 መጋቢት 1949 ዓሪፉ። ካልኦት ኤርትራውያን እውን እታ ሃገር ብዘለኣኽሎም ዕሱባት ይቕተሉን ፈተነ ቕትለት ኣብ ልዕሊኦም ይፍጸም ምንባሩን ታሪኽ ይምህረና። ሓደ ኣብነት ናይ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ወልደኣብ ወልደማርያም ሸውዓተ ሳዕ ዝተሃቀነ ፈተነ ቅትለት እዩ። በዚ ዝተጠቕሰን ካልእ ሽርሒታትን እንግሊዝን ኢትዮጵያን ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ንኸይጉናጸፍ፡ እንታይ ደኣ ኤርትራ ብኢትዮጵያ ተገቢጣ፡ ድሕሪኡ ኢትዮጵያ ኣተግባሪት ድሌታት ኣመሪካን ኣውሮጳን ብምዃን ንቐይሕ ባሕሪ ክቆጻጸራ ዝኽእላሉ መገዲ እየን ዘጣጥሓ ነይረን።

ቀዳማይ ወተሃደራዊ ኣመሓዳሪ እንግሊዛዊ ጀነራል ኬኔዲ ኩክ፡ ኣብ ኣስመራ ቤት ጽሕፈት ምስ መስረተ ፈለማ ተቐቢሉ ዘዘራረቦም፡ ንምክትል ኣቦ መንበር "ማሕበር ፍቕሪ ሃገር" ሸኽ ዓብደልቃድር ከበረ ነበረ። ንሶም፡ ንህዝቦም ወከሎም ምስቲ ጀነራል ክዘራረቡ ብዘዕቶም እየም ተረቒሖም። ነቲ እንግሊዛዊ ጀነራል 'እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም' ድሕሪ ምባሎም ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ ይጽበዮም ከም ዝነበረ፡ ካብ መጹ ድማ ነቲ ዘተሰፈወዎ ናጽነት ከጨብጡዎ፡ መብጽዓኦም ክፍጽሙ ተማሕጺኖምዎም።

መልሲ ናይቲ ጀነራል ግን ዘርም እዩ ዝነበረ። ካብታ ዕለት'ቲኣ ጀሚሩ ብዘይ ፍቓድ ፖሊስ ሰላማዊ ሰልፊ ምግባር፡ ረጉድ በትሪ ሒዝካ ምዃን ካብ ክልተ ሰለስተ ንላዕሊ ምእካብን ዝኽልክል ሕጊ ከምዘወጸን እዚ ዝጠሓሰ ከኣ ብፖሊስ ከም ዝሕተትን እዩ ተዛሪቡዎም። እቲ ጀነራል፡ እዚ ዘረባዚ ዝተዛረቦ፡ ብጉስጓስ ኣባላት ማሕበር ፍቕሪ ሃገር፡ ካብ 3 ክሳብ 4 ሽሕ ዝኾኑ ህዝቢ ዝተኻፈሉ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ኣስመራ ብምኽያዱ ምኻኑ ኣለምሰገድ ተስፋይ ጽሒፉ ኣሎ።

ነታ ብደቀባት ዝቘመት ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ድሕሪ ምጥንቃቕ፡ እንግሊዝ ኣብ ኤርትራ ንሕብረት ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ እትደገፍ ማሕበር ክትቀውም ፈቒዳ። ካልኦት ማሕበራት ደቂ ሃገር ክቘማ እውን ኣፍቀደ። ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢጣልያ ዕድል ስኢኑ ዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ ድማ፡ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ብዝሃቦ ፍቓድ ፖለቲካዊ ማሕበራት ክምስርት ዕድል ረኸበ። በዚ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜያት ኣብ ኣስመራን ካልኦት ዓበይቲ ከተማታትን ኤርትራ ፖለቲካዊ ማሕበራት ጫጭሒ። ብፍቓድ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ኣብ ኤርትራ ስራሓ ዝጀመረት ኢትዮጵያ ዘተባህለት ጋዜጣ ከኣ ቀንዲ መጎርሒት 'ማሕበር ሕብረት ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ' ብምዃን ብዙሓ ኢትዮጵያውነት ኤርትራ ዝኣብዕ ሓበሬታ ክትዝርግሕ ጀመረት። ምምሕዳር እንግሊዝ ካብዚ ሓሊፉ ኢትዮጵያ ብወኪላ ኮሎኔል ነጋ ሃይለስላሴ ኣቢላ ኣብ ኤርትራ ፖለቲካዊ ስራሕ ከተካይድ ምሉእ ዕድል ሃቡ። ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ናብ ኤርትራ ኣትያ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ከተካይድ ዘይፍቀደላ ዝነበረ ኢትዮጵያ ድማ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራ ፖለቲካውን ሃይማኖታውን ፍልልያት ክተስውር ጀመረት። እዚ ኣብ ግዜ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ መሰረት ዝገበረ፡ ጸኒሓ ኣመሪካ ንቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ክትቆጻጸር ዝሃንደሰቶ እኩይ ስትራተጂ ድማ ንልዕሊ ሰማንያ ዓመት (1941-2024) ቀጺሉ ይርከብ።

እቲ እንግሊዛዊ ኣመሓዳሪ እግሩ ከይረገጸ ንኣባላት ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ኮነ ህዝቢ ከይእከብ ዝፈራረሓሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ፖለቲካዊ መሪሕነት ኤርትራ ከይደልደለ ከሎ ንምርማሱ እዩ ዝነበረ። ምኽንያቱ እታ ማሕበር እንተድኣ ደልዲላ፡ ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ መሪሕ ተራ ሒዛ ህዝቢ ኣጎሳጊሳ ንናጽነት ኤርትራ ክትሰርሕ ትኽእል እያ። ብርግጽ ድማ ማሕበር ፍቕሪ ሃገር፡ ካብ ትሕተ ሃገራዊ ፖለቲካ ንላዕሊ ጸብለል ኢላ ብሰዓብቲ ክልቲኦም ሃይማኖታት ኤርትራ ዝቘመት፡ ኣንፈት ናይ ዘመናዊ ሃገራዊ ፖለቲካ ዝሓዘት ብምንባራ፡ ዳርጋ ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ክትወክሎ ትኽእል ነይራ'ያ ክንብል ንኽእል። እንተኾኑ ከምቲ "ዝራገ ከሎ፡ ጽሩይ ማይ ነይስተ" ዝበሃል፡ ወኪል እንግሊዝ ኣብ ኤርትራ ብሪጋዴር ጀነራል ኬኔዲ-ኩክ፡ ማሕበር ፍቕሪ ሃገር በቲ ዝጀመረቶ ኣንፈት ፖለቲካዊ ንጥፈታታ ኣቋሪጹ፡ ኣብቲ ዝሰዓበ ዕድል ኤርትራ ዝወሰነ ፖለቲካዊ ቃልሲ፡ ብቐዕቲ ወኪል ህዝቢ ኤርትራ ኮይና ከይትዋሳእ ሓጊኩዋ።

እንግሊዝ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ጸቕጢ ብምግባር ብኣንጻሩ ንኢትዮጵያ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኤርትራ ከም ድላያ ኢዳ ከተእቱ ማዕጾ ኣርሒወላ። በቲ ዝተዋህባ ዕድል ድማ፡ ጠለም ባህርያት ፖለቲከኛታት ኢትዮጵያ ዘይተረድኡ ገለ ኤርትራውያንን ተጋሩን መጋበርያ ተጠቒማ "እናኻ ኢትዮጵያ"፡ "ኢትዮጵያ ወይ ሞት"፡ "ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ እያ" ብዝብሉ ኣደናገርትን ጠበርትን ሓረግት ሰፊሕ ገስጋሳት እናካየደት፡ ንብዙሓት ገርሀኛታት ክትከስብ ከኣለት።



"ኢትዮጵያ በለ ብሸመል ከይትሕመለ" እናተባህለ ድማ ንኢትዮጵያ ዘይደግፍ ወገን ምርዓድን ምሽቡርን ስርሒይ ኢላ ተተሓሓዙዩ።

ከም ኣካል ናይዚ ሽርሒ'ዚ እንግሊዛዊት ሰልቪያ ፓንክርስት፡ "ኒይው ታይምስ ኣንድ ኢትዮጵያን ኒውስ" ዝርእስታ ጋዜጣ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብእንግሊዝኛ እናዳለወት ናብ ኤርትራ ትልእኽ ነበረት። እታ ጋዜጣ ኣብ ውሽጢ'ታ ብድምጺ ኤርትራ እትፍለጥን ብቋንቋ ትግርኛ ኣብ ኣስመራ እትሕተምን ዝነበረት ጋዜጣ ኣትያ ዋላ ኑዩም እንግሊዝኛ ዘይፈልጡ ሰባት ኣብ ምሉእ ኤርትራ ብናጻ ትዕደል ነበረት። እቲ ጽሑፍ ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ እንግሊዛውያን ምስ ኢትዮጵያ ክደናገጹ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ኣብ እተካይዶ ገስጋሳት ክተሓጋገዙዋ ዝደርኽ ነበረ። ብዘይካ'ዚ፡ "ኤርትራ" ብዝብል ኣርእስቲ፡ "ንርእሰኻ ንገስኻን ንርእሰኻ ጥንዲራን ተዋጋእ" ዝብል ብጀነቋታት እንግሊዝ፡ ኣምሓርኛን ትግርኛን ዝተጻሕፈ ጭርሖ ኣብ 1941 ብሓይሊ ኣየር እንግሊዝ ካብ ሰማይ ኤርትራ ይዝርጋሕ ምንባሩ ይፍለጥ።

## ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ

ከም ኩሉ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኣውሮጳውያን ዝነበረ ህዝቢ ኣፍሪቃ፡ ህዝቢ ኤርትራ'ውን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢጣልያ ብምንባሩ፡ ናጽነት ክረክብ መሰሉ'ዩ ነይሩ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ግን ነዚ መሰል'ዚ ብምግሳይ፡ ኢትዮጵያ መጋበርያ ምእንቲ ክትከውን፡ ንውሕሃ. ደፋፊኣ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብዘይድልየቱ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ከምዝተቖረን ገበረት። ሓቅነት ናይዚ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ውሕሃ. ወኪል ኣመሪካ ዝነበረ ጆን ፎስተር ዳላስ ዝተዛረቦ ቃላት ዘረጋግጾ እዩ።

"ብዓይኒ ፍትሒ፡ ክርአ ከሎ፡ ርእይቶ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ምእታው ይግባእ ነይሩ። እንተኾነ፡ ረብሓ ኣመሪካ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ [ባሕሪ ኤርትራ] ንምሕላውን ዓለማዊ ጸጥታን ሰላምን ኣብ ግምት ብምእታውን፡ ኤርትራ ምስታ መሓዛና ዝኾነት ኢትዮጵያ ክትቈረን ግድን ገይሩዎ ኣሎ።"

ኣመሪካ ብመገዲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣቢላ ድሌታ ፈጺማ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኤርትራ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ክትቈረን ወሰነ። እቲ ፌደረሽን ግን ዝኾነ መሰረት ዘማልአ ኣይነበረን። ነዚ ኣብሪሃ'ዚ ካብ ዝድግፉ ገለ ሓቅታት፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ልዑል ስልጣን ዝነበሮም ሻለቃ ዳዊት ወልደ ጊዮርጊስ ኣብታ "ንብዓት ደም" ዝርእስታ መጽሓፎም ዘስፈርዎ ጽሑፍ ንርአ፦

"...ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ሓቢራትሉ። እቲ ወሀደት ግን ዘይመዛዘን ነበረ። እንታይነት ደሞክራሲ ዘይትፈልጥ፡ ኣዝያ ድሕርትን ዘይማዕበለትን (ኢትዮጵያ) ኣግዚእ ማእከላዊ ስልጣን ንምጥንናዕ እትጽዕር ሃገር ከመይ ኢላ'ያ፡ ናጻ ዝኾነ ፌደራላዊ ምትእስሳር (ምስ ኤርትራ) ክትፈጥር እትኽእል? እዚ...ንኢትዮጵያ ጋሻ ካብ ምኳን ሓሊፉ ካብ ዓቕማ ንላዕሊ እውን ነበረ።" ይብሉ'ሞ ሻለቃ ዳዊት ጽሑፎም ብምቕጻል፡

"...ሃይለስላሴ ቅዋም ፌደረሽን ብምጥሓስ ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ኣወሃሃዱዋ። ንኤርትራ ዝተዋህበ ፍሉይ መሰላት ድማ ተጣሒሱ። ካብ ኢትዮጵያውያን ፌደረሽን እንታይ ማለት ምዃኑ ዝተረድኦ ወይ ክርዳእ ዝፈተነ ኣይነበረን። ብጡልብጡ ምውህሃድ ተባሂሉ ተደምዲሙ። ኣብ ኤርትራ ናይቶም ንጉስ ናይ መጀመርታ ተጸዋዒ ኣንዳርጋቸው መሳይ ከም ዘረድእዎ፡ ተወካሊ ናይ ንጉስ ነገስት ቤት ጽሕፈት ክሳብ ዝፈልጦ፡ ጉዳይ ውሽጥን ወጻእን ዝበሃል ነገር ኣይነበረን።" ይብሉ።

ኣንዳርጋቸው መሳይ "ውሽጥን ወጻእን" ዝበሃል ነገር የለን ክብሉ ከለው፡ "ውሽጢ" ማለቶም ንጉዳይ ኤርትራ ዝምልከት ክኸውን እንከሎ "ወጻኢ" ዝበልዎ ድማ ንጉዳይ ሃገሮም ዝምልከት እዩ። እዘን ክልተ ሓረግት፡ ፖለቲከኛታት ኢትዮጵያ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ኢደም ከእትዉ እንከለዉ እንተ "ብግሁድ" ወይ "ብስውር" ውሽጣዊ ጉዳይና'ዩ ኣብ ጉዳይና ኢደኩም ኣይተእትዉ ይብሉ ምንባሮም ዘመልክታ እየን።

ብዘይካ'ዚ፡ ክልተ ወይ ሓያሎ ሃገራት ብፌደረሽን ክወሃሃዳ ከለዋ፡ ህዝብታተን ክሰማምዑ ግቡእ እዩ። ኣብ ፌደረሽን ኤርትራን ኢትዮጵያን ግን ክልቲኦም ህዝብታት ድሌቶም ኣይተሓተቱን። በዚ ድማ እቲ ፌደረሽን ካብ ፈለማ ኣጉዒቡ ዝተኸተለ ኣይነበረን። ህዝቢ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ክትሓበር'ዶ ተባሂሉ ድምጹ ኣይሃበን። እቲ ውሳኔ ንህዝቢ ኤርትራ ብላዕሊ ብሕቡራት ሃገራት ዱብ እዩ ወሪድዎ። ህዝቢ ኢትዮጵያ እውን እንተኾነ ብተመሳሳሊ ኣፍልጦ ኣይነበሮን። ከምቲ ሻለቃ ዳዊት ዝበልዎ ከኣ፡ "ካብ ኢትዮጵያውያን ፌደረሽን እንታይ ማለት ምዃኑ ዝተረድኦ ወይ ክርዳእ ዝፈተነ ኣይነበረን።"

ድሌት ኢትዮጵያ ካብ ፈለማ ንኤርትራ ምጥቕላል ስለዝነበረ፡ ፌደረሽን ንግዚኡ ኢትዮጵያ ዘዕግብ ውሳኔ ኣይነበረን። ከንዲ ዝኾነ ድማ ኢትዮጵያ ብዘይ ፍቓድ ህዝቢ ኤርትራን ወግዓዊ ኣፍልጦ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ብ14 ሕዳር 1962 ነቲ ውዕል ኣፍሪሳ ንኤርትራ ገበጠታ።

ይቕጽል . . .

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ - ቀጥታ |
| 14:05 | ዶክመንታሪ |
| 15:50 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:40 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመት ሰትካም |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:15 | ቴራብ ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 21:25 | ዕላል ምስ ደራስን ዳይረክተርን ዋልታ ሓርማዝ |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ


ASMARA MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Construction Supervisor
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.
• Coordinate and manage construction site activities and reporting on all activities to supervisor.
• Make sure all work is carried out according to specifications and drawing and completed on time.
• Lease between onsite construction team and supervisor and management.
• Coordinate, monitor and inspect work of construction contractor for assigned projects.
• Review contract documents, architectural drawings and specifications to maintain familiarity with assigned projects and insure construction contractor's full understanding of documents.
• Review contractor shop drawings and provide comments on conformance/non-conformance to architect.
• Act as liaison between architect and contractor.
• Conduct on-site observation and spot-checks of work in progress.
• Ensure contract compliance by the contractor, such as conducting tests specified in contract and installing materials/equipment as specified in contract, and report deficiencies to project manager, architect and contractor.
• Provide reports on all on-site matters, including third-party inspections, progress, safety concerns, and causes for delay.
• Maintain job-site files, documents, reports and daily log; prepare periodic reports.
• Attend all job-site meetings as representative or in conjunction with construction manager.
• Review requests for progress payments submitted by construction contractor and forward with recommendations.
• Perform related duties as assigned.
• Coordinate and monitor all phases of construction activities and provide support for estimation and procurement of construction materials.
• Guide different construction disciplines to work effectively safely and according to international standards
• Complete attendance registers complete and submit daily and weekly progress reports.
• Coordinate team activities for all job cards issue.
• Plan all material requirements for each job card and action PR and PO for out of stock items or required items for each job card.
• Draw up Microsoft Projects schedule for each job card identifying material, disciples, labor and duration of work.
• Manage and assist construction team to finish all work with required quality and within time scheduled.
• Manage all processes of inspection certifications client sign off and hand over drawing and documentation.

Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Diploma/Trade Certificate in Construction or equivalent |
| • Working Experience – Nature & Length | • A minimum of 8 years' experience in similar role<br>• Demonstrable ability to interpret building disciplines and construction |
| Technical Skills | • Ability to manage one's own activities on or ahead of schedule and on or below budget.<br>• Excellent communication, interpersonal and presentation skills. |
| Behavioral Skills | • Ability to interpret construction drawings.<br>• Communicate in English |

•terpret building disciplines and construction

• Ability to manage one's own activities on or ahead of schedule and on or below budget.
• Excellent communication, interpersonal and presentation skills.
Behavioral Skills
• Ability to interpret construction drawings.
• Communicate in English

General Information and other requirements:

* Place of Work: AMSC Sites
* Type of contract: Indefinite Period
* Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

* Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
* Applicants shall be required to send a copy to:
Mineral Resources Management
P.O. Box – 272
Asmara
* Note to Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea




## ምስጋና

ብዕረፍቲ ዘኽብሮ ብዓል ቤተይ ኣቶ ገብርሂወት ኣርኣያ ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ክሳብ ሓሊብ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ጽጌረዳ ነጋሲ፣ ደቁን
ምሉኣት ስድራ-ቤትን

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ስፖርታዊ ውድድር ሚኒስትሪ ምክልኻል ቀጺሉ

ስፖርታዊ ውድድር ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ረቡዕ 18 መስከረም ብኽልተ ዓይነት ውድድር ቀጺሉ።

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓበላሊት ዝበረት ሳብር፡ ምስታ ሸሞንተ ነጥቢ ኣኪባ ዝጸንሓታ ዒታሮ እያ ተራኺባ። ኣብ መበል 18 ደቒቕ ሳብር ካብ ሚርያም ረዳኢ ብዘመዝገበታ ሸቶ ንዕረፍቲ 1-ብ0 መሪሓ ወጺኣ። እዛ ጋንታ፡ ኣብ መበል 50 ደቒቕ ብመገዲ ሓለቓኣ ሩታ ሙሴ ሸቶ ወሲኻ 2-ብ0 ተዓዊታ። ነጥባ ድማ ናብ ሸሞንተ ክብ ኣቢላ። በዚ መሰረት፡ ሳብር ናይ ቀዳማይ ዙርያ ጸወታኣ ቅድሚ ምዝዛማ ምስታ ሰለስተ ነጥቢ ዘለዋ ሂምባል ክትገጥም ኢያ።

ግጥም ናይ’ተን ንስታፍ ምምሕዳር ዝወከላት ዓራግን ንሎጂስቲክ ሰንቂ ዝወከላት ሓለቡትን እውን ኣብታ ዕለት እዩ ተኻዪዱ። ንዕረፍቲ ብዘይሸቶ ዝምረሐ እዚ ግጥም፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ግና፡ ብመርሃዊ በረኸተኣብ እትስልጥን ሓለቡት ካብ ቅሳዕት ክፍላይ ብዘረኸበታ እንኮ ሸቶ 1-ብ0 ተዓዊታ።



እዚ ውድድር፡ ሎሚ ዓርቢ ብዝቕጸል ጸወታታት ናይ ቀዳማይ ዙርያ ውድድሩ ክዛዘም ምኳኑ፡ ጽበጻብት ናይ’ቲ ውድድር የረድኡ።

## ተኒስ ሰደቓ - ስልጠና ተዋሂቡ

ሃገራዊ ፈደረሽን ተኒስ ሰደቓ ኤርትራ፡ ጸወታ ተኒስ ሰደቓ ፍቱውን ዘውቱርን ዓይነት ስፖርት ንምግባሩ፡ ካብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ዝተሳተፍዎ ስልጠንቲ ናይ ደረጃ 1 - ስልጠና ሂቡ።

እዚ ብኣባል ኣህጉራዊ ፈደረሽን ተኒስ ሰደቓ፡ ተወላዲ ቦትስዋና ሚስተር ከይትሰኖግ ካሊቦጋ ዝተዋህበ ናይ ሓሙሽተ መዓልታት ስልጠና፡ ትሸዓተ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 30 ስልጠንቲ ካብ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ሚኒስትሪ ትምህርትን ካልኦት ሚኒስትሪታትን ከምኡ’ውን ኣርባዕተ ሰሻጣን ተሳቲፎሞ።

ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ብምርድዳእ’ውን ካብ 10-13 ንዘዕድመኦም 30 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 90 ተመሃሮ መባእታ ስልጠና ግራስ ሩት ከምዝተዋህቦ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይ’ቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።



## ሮናልዶ፡ ኣብ ምስጓግ ካስትሮ ጽልዋ ከምዝነበሮ ተገሊጹ

ኣጥቃዓይ ኣልነስር ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ኣብ ምስጓግ ዓሰሚ እዛ ጋንታ ዝነበረ ሉዊስ ካስትሮን ኣብ ምቝጻር ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ስተፋኖ ፒዮሊን ዓቢ ጽልዋ ከምዝነበሮ ተሓቢሩ።





ኣልነስር፡ ኣብዛ ሓዳሽ ዓመተ-ስፖርት ኣብ ቀዳሞት ሰለስተ ግጥማታ ማዕረ ብምውጻኣ፡ ብሕማቕ እያ ኾይላ ዘላ። በዚ ከኣ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ንዓሰሚኣ ካስትሮ መዘኩ ክትምንጥሎ ተቐሲባ። ኣብ ሜዳ ልዑል ጽልዋ ዘለዎ ሮናልዶ ዋላ’ኳ ኣብ ምቝፃር ቀጥታዊ ጽልዋ ኣይግበር፡ መገዲ ከምዝርኣየም ግና ይሕበር።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ እዛ ጋንታ ጊዶ ፈያንጋ ብዘዕባዚ ጉዳይ ክዘረብ እንከሎ፡ “ሮናልዶ ነዛ ክለብ ኣይቈጻጸራን እዩ፡ እንተኾነ ናይ ዓለም ቁጽሪ ሓደ ዝበለጸ ተጻዋታይ ዓለም ከም ምኳኑ መጠኑ ኣንፈት ናይቲ ክንስዕቦ ዝግበኣና መንገዲን ክነዝርዮ ዘለና ዕላማን የርእየና እዩ፡” ኢሉ።

ንሱ ቀጺሉ፡ “ሮናልዶ ዕዉት እዩ። ብኸመይ ከምእንዕወት ክምህረና ንሓትቶ ኢና። ሎሚ ዓመት ከኣ ምስኡ ክንዕወትን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ሸቶታት ክንበጽሕን ንደሊ። ብሓፈሻ ክሪስቲያኖ፡ ኣካል እዛ ጋንታ ምኳኑ ኣዚና ሕጉሳት ኢና፡” ክብል፡ ኣብዛ ጋንታ ልዑል ተራ ከምዘለዎ ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ኢጣልያዊ ዋላ’ኳ ኣሰልጣኒ ምቑያር ከቢድ ውሳኔ ምኳኑ እንተገለጸ፡ እቲ ቅኑዕ ኣሎም ዝኣመኑሉ ከምዝገበሩን፡ ፒዮሊ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ዕዳጋ ካብ ዝጸንሑ ዓበይቲ እቲ ዝበለጸ ምኳኑ ብምእማን ከምዝፈረምዎን ይዛረብ።

ካብ ሰለስተ ግጥማት ሓሙሽተ ነጥቢ ኣኪባ ዘላ ኣልነስር፡ ሎሚ ዓርቢ ኣንጻር ምሉእ ትሽዓት ነጥቢ ሒዛ ሳልሳይ ደረጃ ዘላ ኣልኢቲፋቕ ክትጻወት ኢያ። ረቡዕ 18 መስከረም ዓሰሚኣ ኮይኑ ዝተመዘ ስተፋኖ ፒዮሊ ከኣ ቀዳመይቲ ጸወታኡ ክገይድ እዩ። ፒዮሊ፡ ካብ 2019 ክሳብ ዝሓለፈ ወቕቲ ዓሰሚ ኤሲ ሚላን ምንባሩ ይዝከር።

## ጓርድዮላ፡ ደ ብሮይነ ምስላፉ ኣጠራጣሪ ምኳኑ ሓቢሩ

**ፈደል ገብርሂወት**

ኣሰልጣኒ ማን ሲቲ ፐፕ ጓርድዮላ፡ ውሳኒ ተጻዋታዩ በልጅግማዊ ከቨን ደ ብሮይነ፡ ኣብቲ ድሕሪ ጽባሕ ሰንበት ዘካይድዎ ወሳኒ ግጥም ምስ ኣርሰናል፡ ብዘወረዶ መጉዳእቲ ክሰልፎ ከም ዘይኽእሉ ሓቢሩ።

ንመድረኽ ፕሪመር ሊግ መሳጢ ብዘኾነ ብቐዓት ጀሚራቶ ዘላ ማን ሲቲ፡ ረቡዕ ምሸት ኣብ ፋልማይ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ግጥማ ኣብ ሜዳኣ ምስ ኢንተር 0-ብ0 ምፍልላያ ይፍለጥ። ኣብ ዕረፍቲ፡ ደ ብሮይነ ተሃሪሙ ክቕጽል ብዘይ ምኽኣሉ ብጉንደጓን ተቐይሩ ድሕሪ ምውጽኡ ድማ፡ ነዛ ጋንታ ኣብ ርእሲ ዘሎታ ተወሰኽቲ ኮይኑዋ ይርከብ።

ድሕሪ’ዚ ጸወታ ጓርድዮላ ኣብ ዝሃበ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ “ደ ብሮይነ ኣብ’ቲ ዓቢ ጽልዋ ክህልዎ ዝኽእል ናይ ሰንበት ግጥም ኣንጻር ኣርሰናል ክርከብ ደዩ” ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ ”ዝፈለጥክዎ ነገር የለን። ብልክዕ መጉዳእቲ ኣለዎ፡ እንተኾነ ምስ ሓካይም ጋንታና ኣይተዘራረብኩን ኣለኹ። ምስ ረኺበኮም ዝሰፍሐ ሓበሬታ ክህልወኒ እዩ። ተስፋ እገብር ድማ ጸቡቕ ክሰምዕ፡” ኢሉ።

ብዘካ'ዚ፡ ጓርድዮላ ኣብቲ ግጥም ተቐይሩ ክወጽእ ዝተራእየ ሓዲሽ ኣባል እዛ ጋንታ ሳቪንዮ’ውን፡ “መጉዳእቲ ኣለዎ ደዩ?” ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ ዝኾነ ማህረምቲ ከም ዘይብሉን ታክቲካዊ ምቅያር ከም ዝነበረን ኣረዲኡ።

ሰንበት 22 መስከረም ዝራኸባ ሻምፕዮን ናይ ምኳን ዝለዓለ ግምት ተዋሂብወን ዘሎ ማን ሲቲን ኣርሰናልን፡ ወሰንቲ ተጻወትተን ከሰረን ናብቲ ግጥም ክኣትዋ እየን። ብመንጽሩ ግና፡ ማን ሲቲ ናይ ሓደ መዓልቲ ዕረፍቲ ዝያዳ ኣርሰናል ረኺባ ክትቀርብ ብምኳና ብመጠኑ ተረባሒት ክትከውን እያ። ኣርሰናል፡ ትማሊ ምሸት እያ ናብ ኢጣልያ ተጓዒዛ ቀዳመይቲ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ግጥማ ምስ ኣታላንታ ኣካይዳ።







### መኣረምታ

ኣብ ናይ ትማሊ ሕታም “ውድድር ኩዕሶ ሰከይት ቀጺሉ” ኣብ ዝብል ዜና ኩዕሶ ሰከይት ዞባ ማእከል፡ ሲቲ ሰንተር ንሓይሊ ኣየር ብጸቢብ 58-ብ56 ሰዒራታ ዝብል ካብ ፈደረሽን ዝመጸ ሓበሬታ፡ ሓይሊ ኣየር 58-ብ56 ንሲቲ ሰንተር ሰዒራታ ተባሂሉ ክነብብ ምስ ናይ ይቕሬታኡ ንሕትበር።

## መጉዳእቲ ኦደጋርድ ካብ ዝተገመቶ ዝኸበደ . . .

ናይ ዓንኬል ዓንኬሪቶ መጉዳእቲ ሓለቓ ጋንታ ኣርሰናል ማርቲን ኦደጋርድ፡ ካብቲ ፈለማ ዝተገመቶ ዝበኣሰ ምኳኑ ተገሊጹ።

እዚ ኖርዌጃዊ፡ ቅድሚ 10 መዓልታት ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት ኣብ ጸጋመይቲ እግሩ መጉዳእቲ ከምዝገጠሞ ይዝከር። ናብ እንግሊዝ ተመሊሱ ድሕሪ ዝገበሮ ሕክምናዊ መርመራ ከኣ፡ እንተውሓደ ንሰለስተ ሳምንቲ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ከምዝኽእል ተገሚቱ ነይሩ።

ይኹን እምበር፡ መጉዳእቱ ካብቲ ፈለማ ዝተገመቶ ዝበኣሰ ምኳኑ ምንጪታት ሓቢሮም። እዚ ወዲ 25 ዓመት ኣከፋፋሊ፡ ኣብ መላግቦ ዓጽሚ ናይታ ዝተሃስየት እግሩ፡ ከቢድ ሃሰያ ከምዝወረዶ ስለ እተኻእለ፡ ተወሳኺ ናይ ተሃድሶ ግዜ ከድልዮ እዩ።

ኦደጋርድ፡ ዛጊት ብልክዕ መዓስ ክምለስ ምኳኑ ንጹር ኣይኮነን፡ ኣርሰናል ብወገና፡ ክሳብ ክሪስማስ (25 ታሕሳስ) ሓወዩ ክምለሳ ትጽቢት ከምዘይብላ ይሕበር። ኣርሰናል፡ ዝ. ወሳኒ ተጻዋታያ፡ ተሃዊኻ ናብ ጸወታ ካብ ምምላሱ፡ 100 ሚእታዊት ክሳብ ዝሓዊ ብዓቕሊ ተጸቢያ፡ ኣብ ካልኣይ ፍርቂ ዓመተ-ስፖርት ብዝምሉእ ክትጥቀመሉ እያ ቀንዲ ትኹረት ገይራ ዘላ - ብማሰረት ጋዜጣ ጎል።

ሕመረት እዛ ጋንታ ምኳኑ ዝገለጸ ኦደጋርድ፡ መስመር ምክልኻል ኣንጻር ጋንታ በሰዐን ብዙሓልፉ ከዓኣስ፡ ንደቂ ጋንታኡ ዕድላት ኣብ ምፍጣር ውሑሉል እዩ። ብኣተኩሮን ፈጠራውነትን እውን፡ ኣብዛ ጋንታ ዘውዳድሮ የለን። በዚ ከኣ፡ ንመስመር መጥቃዕቲ ጋንታኡ እቲ ቀንዲ ትንፋሱ እዩ። ንዋሕ ግዜ እንተተፈልይዎ ግና፡ ንኣርቴታ ዓቢ ብድሆ እዩ፡ ብፍላይ ኣብ ዓበይቲ ግጥማት። ኣርሰናል፡ ድሕሪ ጽባሕ (ሰንበት) ናብ ከተማ ማንችስተር ተጓዒዛ ምስ ማን ሲቲ ከቢድ ግጥም ይጽበያ።

## ደሃይ ተቐዳደምትና

ኣብ ሊድል ትረክ ወዲ ጋንታኡ ንኣማኑኤል ጉብረእግዚኣብሄር ዝኾነ ማድስ ፐደርሰን፡ ትማሊ ንኻልኣይቲ መድረኽ ዙር ሉክሰምበርግ ተዓዊቱሉ።

ኣማኑኤል፡ ኣብዛ 155 ኪሎሜተር ዝሸፈነት መድረኽ፡ ውድድር ክዛዘም ክልተ ኪሎሜተር ክሳብ ዝተርፎ፡ ንደቂ ጋንታኡ ዝበጽሖ ዓቢይ ጉጅለ ኣብ ምስላብ ብንጥፈት ተዋሲኡ። ፐደርሰን ከኣ፡ ንዕወት ቀዳመይቲ መድረኽ ማዚዩ ቫን ደር ፖል ብሸኳ ረቲዑ፡ ቀዳመይቲ ዓወት ንዕኡን ንጋንታኡን ኣምጺኡ፣ ብ3 ሰዓት፡ 41 ደቒቕን 27 ካልኢትን ውድድሩ ዛዚሙ። ስርሑ ብዝምሉእ ዝዓመመ ኣማኑኤል ከኣ፡ ድሕሪ 1 ደቒቕን 52 ካልኢትን ውድድሩ ዛዚሙ - መበል 86 ደረጃ ሒዙ።

ዛጊት ብውጽኢት ናይዘን ክልተ መድረኻት፡ ቫን ደር ፖል፡ ብ7 ሰዓት፡ 27 ደቒቕን 39 ካልኢትን ብዮሌ ማልያ ለቢሰዋ ኣሎ። ክሪስቶፍ ላፖርት፡ 10 ካልኢት ድሒሩ ይስዕቦ። ንቐጠልያ ማልያ’ውን፡ ቫን ደር ፖል ብ36 ነጥቢ ለቢሰዋ ኣሎ። ላፖርት፡ ብ27 ነጥቢ ይስዕቦ። ንማልያ ኣዝዮስ ዓቐብ ፐፒን ረንደሪኽ ብ24 ነጥቢ ዓቲበዋ ይርከብ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ 201.3 ኪሎሜተር ክሸፍን እዩ።



ዕወት ናይ ውድድር ማድስ ፐደርሰን

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣባል ኣስታና ሄናክ ምሉእብርሃን፡ ሎሚ ዓርቢ ኣብ በልጀዩም ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ክጽመድ እዩ። ንመበል 108 ግዜኡ ዝቕጸድ ዘሎ ሻምፕዮንሺፕ ቫን ቭላንደረን፡ ናይ 1.1 መለክዒ ዘለዎ 180.2 ኪሎሜተር ዝሸፍን ውድድር እዩ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ነፈርቲ ኲናት እስራኤል ኣብ ከተማ በይሩት ደብዲበን

ነፈርቲ ኲናት እስራኤል ኣብ ርእሲ ከተማ ሊባኖስ - በይሩት፡ ሓያሎ ደብዳብ ከምዝፈጸማ ምንጭታት ዜና ካብታ ከተማ ሓቢሮም።

እስራኤል ምስ ሕዝቦላህ ሓዲሽ መድረኽ ግጭት ከምዝኸፈተት ኣብ እትገልጸሉ ዘላ እዋን'ያ፡ ኣብ በይሩትን ካልኦት ከበባታት ደቡባዊ ሊባኖስን ኣብ ልዕሊ ዝርከብ ዕላማታት ናይቲ ጉጅለ ብነፈርቲ ኲናት ከምዝደብደበት ኣፍሊጣ።

መራሒ ሕዝቦላህ ሓሰን ነስረላ፡ ነቲ ዝቐደ ዘሎ መጥቃዕትታት ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ 'እስራኤል ቀይሕ መስመር ጥሒሳ ኣላ' ብምባል፡ እቲ ኲናታት ናብ ዝኸፍአ ኲናት ከምርሕ ከምዝኽእል ኣጠንቂቑ።

ቅድሚኡ ኣብ ሊባኖስ፡ ኣብቲ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ ሓበሬታ ንምልውዋጥ ዝጥቀመሉ መራኸቢ ራድዮታት ብዝተኸሰተ ነትጒ፡ ዛጊት ኣስታት 40 ሰባት ከምዝሞቱን ኣሽሓት ከምዝቖሰሉን ጸብጻባት ሓቢሮም።

ሕዝቦላ፡ ብዛዕባቲ ትማሊን ብቕድሚ ትማሊን ዝተኸሰተ ነትጒታት ኣመልኪቱ ንእስራኤል'ኳ እንተኸሰሰ፡ እቲ ዝተሓላለኸ መጥቃዕቲ ብኸመይ ከምዝተፈጸመ ግን ዛጊት ንጹር ኣይኮነን።

መንግስቲ እስራኤል፡ ነቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪቱ ዝኾነ ርእይቶ እኳ እንተዘይሃበ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ግና፡ ሓይልታት ሃገሩ ኣንፈቶም ካብ ወሸመጥ ቃዛ ናብ ሰሜናዊ ዶብ ሊባኖስ ክቕይሩ ምዃኖም ብምግላጽ ኣንጻር ሕዝቦላህ 'ሓዲሽ ምዕራፍ' ኲናት ከምዝጀመረ ምግላጹ'ዩ ዝፍለጥ።

እቲ ነትጒታት፡ ኣብ በይሩት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ደቡባውን ምብራቓውን ክፋላት እታ ሃገር ኣብ ዝርከብ ዕርድታት ሕዝቦላህ እዩ ተፈጺሙ።

እቲ ኣብ ካልኣይ መዓልቲ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ግዳያት ናይ'ቲ ኣብ ቀዳማይ መዓልቲ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ኣብ ዝቖየደሉ ዝነበረ እዋን እዩ ተፈጺሙ።

ሓላፊ ፈጻሚ ቤት-ምኽሪ ሕዝቦላህ ሃሽም ሳፈዲን ብወገኑ፡ ሕዝቦላህ ምስ እስራኤል ኣብ ሓዲሽ ግጥም ኣትዩ ከምዘሎን ነቲ ዳሕረዋይ መጥቃዕቲ ድማ ብፍሉይ መቕጻዕቲ ምላሽ ከምዝወሃቦን ገሊጹ።


ሚኒስትር ጉዳያት ወጻኢ ሊባኖስ ብወገኑ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ልኡላውነትን ጸጥታን ሊባኖስ ዝፍጸም ዘሎ ቀጻሊ መጥቃዕቲ፡ ሰፊሕ ኲናት ከመልዕት ዝኽእል ሓደገኛ ምዕባለ ምዃኑ ሓቢሩ።

እስራኤል ኣንጻር ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ ሰፊሕ መጥቃዕቲ እንተኸፊታ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ደሮ ኣብ ዘይምርግጋእ እትርከብ ሊባኖስ ዝኸፍአ ቅልውላው ከምዝፍጠር እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ዘረድኡ።



## ሩስያ፡ እገዳ እታው ፍርያት ሃገራት ምዕራብ ኣናዊሓቶ

ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ሃገሩ፡ ኣብ ልዕሊ እታው ፍርያት ሕርሻ ሃገራት ምዕራብ ኣንቢራቶ ዝጸንሐት እገዳ ንተወሳኺ ክልተ ዓመት ከተናውሖ ምኳና ኣፍሊጡ።



እዚ ካብ 1 ጥሪ 2025 ክሳብ 31 ታሕሳስ 2026 ዝጸንሕ እገዱ ቅድሚ ሕጂ ብመንግስቲ ሩስያ ተመሓላሊፉም ካብ ዝበሉ እገዳታት፡ ንፈለማ እዋን ብልዕሊ ሓደ ዓመት ዝተናውሐ እገዳ ምዃኑ ጸብጻባት የመልክቱ።

ምዕራባውያን ሃገራት ብዮቓጭት ሩስያን ዩክሬንን ኣመኽንዮም ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዝነበርዎ እገዳታት መልሰ-ግብሪ ንምሃብ ኣብ ነሓሰ 2024 ብመንግስቲ ሩስያ ተግባራዊ ዝኾነ ምእጋድ ምህርቲ ሕርሻ፡ ፈለማ ንፍርያት ኣመሪካ፡ ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኣውስትራልያ፡ ኖርወይን ካናዳን ዝሓለ እዩ ነይሩ።

ድሒሩ ግና፡ እቲ እገዳ ዩክሬን ናብ እትርከበን ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳ እውን ከምእተመሓላለፈ ይፍለጥ።

ፕረዚደንት ፑቲን እገዳ ምህርቲ ሕርሻ ሃገራት ምዕራብ፡ ንሕርሻ ሩስያ ዘበገሰ ስጉምቲ ምዃኑ እዩ ዝገልጸ።

## ሃይቲ - ግዝያዊ ቤት-ምኽሪ ምርጫ ቆይሙ

ግዝያዊ መንግስቲ ሃይቲ፡ ነታ ኣብ ፖለቲካውን ጸጥታውን ቅልውላው ተሸሚማ እትርከብ ሃገሩ፡ ድሕሪ 2016 ንፈለማ እዋን ሓፈሻዊ ምርጫ ንምኪያድ




ግዝያዊ ቤት-ምኽሪ ምርጫ ከምዝቖመ ተሓቢሩ።

እቲ ቤት-ምኽሪ፡ ንሓረስቶት፡ ጋዜጠኛታት፡ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ማሕበረ-ሰብ ቮዱን ዝርከብዎም ጉጅለታት ዝውክል ኮይኑ፡ ንምርጫ ዝኸውን ሕጋዊ ቅርጺ ንምትካልን ነቲ ክሳብ 2026 ዝቖየድ ምርጫ ንምውዳብን ሓላፍነት ተዋሂብዎ ኣሎ።

እቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ዝቖመ ቤት-ምኽሪ 7 ኣባላት ከምዘለውዎ ቤት-ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ብማሕበራዊ መራኸቢ 'ኤክስ' ኣቢሉ ኣብ ዘውጽኦ ሓበሬታ ገሊጹ።

ካልኦት ክልተ መናብር ማለት ንጉጅለታት ሰብኣዊ መሰላትን ንውድባት ተጣበቕቲ መሰላት ደቂ-ኣንስትዮን ዝውክል ክሳብ ሕጂ ልኡኽ ከምዘይሰየሙ እቲ ቤት-ጽሕፈት ወሲኹ ሓቢሩ።

ኣብ 2021 ድሕሪ ቅትለት ፕረዚደንት ጆቨኔል ሞይስ፡ ፖለቲካዊ ኲነታት ሃይቲ ካብ'ቲ ዝነበሮ መሊሱ ከምዝበኣሰ፡ እታ ሃገር ድማ ዛጊት ፕረዚደንታዊ ምርጫ ከምዘይ ኣካየደትን እዩ ዝግለጽ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዕጡቓት ጉጅለታት ኣብ ልዕሊ ኣስታት 80 ሚእታዊት ርእሲ ከተማ ፖርት-ኦ-ፕሪንስን ካልእ ክፋላት እታ ሃገርን እውን ቁጽጽሮም ኣስፊሖም ኣለው።

ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ባይቶ ምርጫ፡ ኣብ 2021 ንፕረዚደንት ሞይስ ተኪኡ ስልጣን ሒዙ ዝነበረ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣርኤል ሄንሪ ከምዝፈረሶ ዝዝከር እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት፡ ግዝያዊ መንግስቲ ሃይቲ ንጋሪ ኮኒለ ከም ቀዳማይ ሚኒስተር ክኸውን ከምዝሸሞ ይፍለጥ።

ኣብ ሃይቲ፡ ስልጣን ኣብ መንጎ ፕረዚደንትን ቀዳማይ ሚኒስተርን ከምዝመቓረሕ እዩ ዝሕበር።

## ኣመሪካ ኣብ ፊሊፒንስ ስርዓተ-ሚሳይል ምትካል ትደፍኣሉ

ኣመሪካ፡ ካብ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ብተደጋጋሚ ዝቐርበላ ዘሎ ጸወዒት ዕሽሽ ብምባል፡ ኣብ ፊሊፒንስ ኣዋፊራቶ ዝላ ማእከላይ ርሑቕት ዘለዎ ሚሳይል ደው ንምባል ዝኾነ መደብ ከምዘይብላ፡ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ኣፍልጦ ዘለዎም ምንጭታት ንሮይተርስ ሓቢሮም።

ኣመሪካ፡ ንዒላማታት ቻይና ክሃርም ዝኽእል ክሩዝ ሚሳይላት ክጥቅዕ ዝኽእል 'ታይፎን' ዝተሰምየ ስርዓተ-ሚሳይል፡ ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ዓመት'ዚ ምስ ፊሊፒንስ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ከተካይድ ምኳና ብምግላጽ ናብ'ታ ሃገር ከምዝኣተወቶ ይፍለጥ።

ምስ ደሴት ታይዋን እትዳወብ ብጾታውነት ደሴታት ዝቖመት ፊሊፒንስ፡ ምስ ኣመሪካ ጽኑዕ ዝምድና ካብ ዘለወን ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ኤስያ ምዃና'ዩ ዝግለጽ።

ቻይናን ሩስያን፡ ከም'ኡ ዓይነት ኣጽዋር ኣብ ኢንዶ-ፓስፊክ ክዋፈር ንፈለማ እዋን ምዃኑ ብምግላጽ፡ ነቲ ስጉምቲ ኣብ እዋኑ ከቢዱ ምጉባቶም ዝዝከር እዩ።

ሓደ ስሙ ክግለጽ ዘይደለየ ላዕለዋይ ብዓል-ስልጣን መንግስቲ ፊሊፒንስ ብወገኑ፡ ኣብ መንጎ ቻይናን ፊሊፒንስን ግጭት እንተኣጋጢሙ፡ ነቲ ስርዓተ-ሚሳይል ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዝከኣል እንተኾይኑ ይፍተን ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብ ፊሊፒንስ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ሓዲሽ ፕረዚደንት፡ ምስ ኣመሪካ ጥቡቕ ዝምድና ብምምስራት፡ ብኣንጻሩ ነቲ ሃገሩ ምስ ቻይና ዝጸንሓ ዘይምቅዳው የብእሶ ምህላዉ ተንተንቲ ይገልጹ።



## ኒጀር፡ 'ልዕሊ 100 ሽበራውያን ቀቲለ' ትብል

ሓይልታት ምክልኻልን ጸጥታን ኒጀር፡ ልዕሊ 100 ሽበራውያን ከምዝቐተሉ፡ ሓያሎ መሳለጥያታት እቶም ኣሸበርቲ ድማ ካብ ስራሕ ወጻኢ ከምዝገበሩ፡ ካብ'ታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ ሓበሬታ፡ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል እታ ሃገር ኣብ ልዕሊ ዓስኪሩ ዝርከብ ኣሃዱ ሓይልታት ምክልኻልን ጸጥታን ኒጀር፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሽበራውያን መጥቃዕቲ እኳ እንተፈጸሙ፡ ኣባላት ሰራዊት ኒጀር ብዝቖየድዎ ጸረ-መጥቃዕቲ ግና፡ እቶም ሽበራውያን ከቢድ ክሳራ ከምዝወረዶም ተሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ዝተኻየደ ጸረ-መጥቃዕቲ፡ ኣባላት ሓይልታት ምድርን ኣየርን ኒጀር ብሓባር ከምእተሳተፉ ድማ፡ ሰራዊት'ታ ሃገር ወሲኹ ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ቲ መጥቃዕቲ፡ ዓሰርተታት ሞተር ብሽክለታታት፡ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝተቓጸለ ተገሊጹ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብ'ቲ መጥቃዕቲ ሓሙሽተ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ጸጥታን ክቕተሉ እንከለው፡ ካልኦት 27 ድማ ኣካላዊ ጉድኣት ከምዝወረዶም፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል'ታ ሃገር ኣብሪሁ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰንተራል | 20/09/24 | ጎደና ናቕፋ 18-20፡ ፊት ከረን ሆቴል | 120730 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |

Sabur Printing Services